# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.180 | ረቡዕ 29 መጋቢት 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሰብዓዓመት ዝጸንሐ ባእሲ ዘዝሓለ መገሻ


ገጽ 4
ሓጎስን ርግኣትን ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ዝሰርቁ ነገራት


ገጽ 5
ንድሬ ህይወት


ገጽ 6
ብቑዕን ኣፍራዩን ዜጋ፡ ውጽኢት ሓያል ጻዕሪ እዩ!


ገጽ 11
ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ይቕጽል



# ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ ብድርሰትን ምምራሕን ሙዚቃ ዝሰልጠኑ ተመረቕም





ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ፥ ን32 ዓመትን መንፈቕን ብድርሰትን ምምራሕን ሙዚቃ ዘምሃረቶም 5 ኣባላት ሃገራዊ ወተሃደራዊ ባንድ ምርሻ፡ ብ26 መጋቢት ኣመረቓ።

ኣብ'ቲ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስን ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ሜጀር ጀነራል ሮመዳን ዑስማን ኣውልያይን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን መንግስቲ ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት፡ ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ ኣቶ ኤልያስ ወልደገብርኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመረቕቲ ኣብ ድርሰት ሙዚቃን ምምራሕ ባንድን ዘተኩሩ፡ ብደረጃን ዓይነትን ዝፈላለ 27 ክፍለ-ትምህርቲ ከምዝቐሰሙ ሓቢሩ።

እቲ ተበጺሑ ዘሎ ዓወት ናይ መጀመርያ እምበር ናይ መወዳእታ ከምዘይኮነ ዝጠቐሰ ኣቶ ኤልያስ፡ ዓቕሚ ምሩቓት ውሑስን ኣድማዕን ንክኸውን፡ ቀጻሊ ኣተኣላልያን ደገፍን ክግበረሎም፡ ከምኡ'ውን ዝበረኸ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክፍጠረሎም ተላቢዩ።

መምህር ሙዚቃ መሓመድ-ሳልሕ ሓሴን ድማ፡ ተመረቕቲ ብዘውሓደ ሰለስተ ዓመት ተማሂሮም ናብ ባንድ ምርሻ ዝተመደቡን ምልክት መሳርሒ ሙዚቃ ዘለዎምን ብምዃኖም፡ ንዝቐሰምዎ ዓይነት ትምህርቲ ብልዑል ተገዳስነትን ብቕዓትን ከምዝዘዘምዎ ገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርቲ ኣቶ ተስፋይ ሰዩምን ወከል ሚኒስትሪ ምክልኻል ሌተናል ኮሎኔል ተኽለ ተስፋይን ብወገኖም፡ ንኣገዳስነት ሃገራዊ ወተሃደራዊ ባንድ ምርሻ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተወሃሂዱ፥ ብቑዓት መንእሰያት ንምምልማል ዝካየዶ ዘሎ ጻዕሪ ሞጒሶም።

ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ ምስ ሃገራዊ ባንድ ምርሻ ብዘለዎ ምትእስሳር፡ ካብ 2009 ክሳብ 2015 ንልዕሊ 100 ሓያሎትን ኣብ ስራሕ ዘጸንሑን፥ ካብ 2016 ክሳብ 2021 ድማ ሰለስተ እብረ ሙዚቐኛታት ከምዝሰልጠኑትን መብዝሕትኦም ናብ ሃገራዊ ወተሃደራዊ ባንድ ምርሻ ከምእተጸንበሩን ዝፍለጥ እዩ።

# ደቡብ - ሃሳዩ ልምድታት ንምግታእ ንደቂ-ኣንስትዮ ስልጠና ተዋሂቡ

ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ምግታእ ሃሰይቲ ልምድታት ዘተኩረ ስልጠና፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ደቀምሓረ፡ ደባርዋን ዓዲ-ኳላን ንዝተዋጽኡ 32 ኣጉሳጉስቲ መዘኑ ደቂ-ኣንስትዮ ተዋሂቡ።

እቲ ካብ 21 ክሳብ 23 መጋቢት ብሞያውያን ኣብ ከተማ መንደፈራ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ንተራ ኣባላት ሃማደኤ ኣብ ምግታእ ሃሰይቲ ልምድታት፥ ፍልልያት ጾታን፡ ከምኡ'ውን ባህልን ልምድን ዝብል ዛዕባታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሰልጠንቲ ንኣገዳስነት ዝቐሰምኦ ትምህርቲ ብምጥቃስ፡ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት'ውን ክውደብ ተላብዮን።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ተራ ኣጉሳጉስቲ መዘኑ ኣብ ምግታእ ምኽንኻብ ደቂ-ኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ቀሊል ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወት ተዓቂቡ ደጊሲ ንምክልኻል፡ ዝተወሃሃደ ጻዕሪ ክተየድ ጸዊዓ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ተሰኪይ ንደቂ-ኣንስትዮ ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ፡ ምስ ግርዘወና ኣብ ዝተሓላለዘ ናይ ባህሪ ለውጢን ክፈጥሮ ዝኽእል እዋናዊ ጸገማትን ዝምልከት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ኣስተምህሮ፡ ንተፈጥሮኣዊ ጸባቐ ደቂ-ኣንስትዮ ዝድውንን ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ቁርበት ዝኾውንን ዘሎ መመላኽዒ ኮሚካላት ዘኸትሎ ጥዕናውን ቍጠባውን ሳዕቤናት ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂቡ።





# ሰላምን ርግኣትን ንልምዓት!

"ልምዓት ከረጋግጽ ሰላምን ርግኣትን የድልየና፣ ሰላምን ርግኣትን ሰሪሕና እንፈጥሮ ኩነት'ዩ፣ ብደገ ዝመጽእ ማና ኣይኮነን፡ ልምዓት'ውን ሰሪሕና እንፈጥሮ እዩ። ብሰፊሕ ሱታፌ ህዝቢ ዝረጋገጽ ድማ'ዩ። ስለዚ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ዘሎ ህዝብናን ኣብ ሕቝፉ ዝኹበር ሓይልታት ምክልኻልናን ተወዲቡ ንልምዓት ክሰርሕ ኣለዎ።"

እዚ ቃላት'ዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝሓለፈ ቃለ-መጠይቕ ካብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ እተወሰደ'ዩ። ብርግጽ ድማ ሰላምን ርግኣትን ቅድመ-ኩነት ንልምዓት እዩ። ኤርትራ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ዝሰፈና ሃገር ትኹን'ምበር፡ ዘየርገኣ ኩነታት ዞባና፡ ቀጻሊ ግዳማዊ ሕንከራ፥ ዕበየትና ንምሕናቕ ዘንቀደ ነዊሕን ጸዑቕን ተጻብኦ፥ ንውሑስ ልምዓትን ዞባዊ ምትሕብባርን ዓንቃፊ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ጎደቦና ካብ ነውጺን ቅልውላውን ወጺኡ ናብ ዞባ ሰላም ልምዓትን ምትሕብባርን ንኽቕየር ድማ፡ ኤርትራ ብሃናጺ ጽምዶን ልዑል ተወፋይነትን ክትምክት ጸኒሓ ኣላ፥ ከም ውጽኢቱ፡ ሓድግታት ሕሉፍ ጸገማት እናጸረኹ ናብ ዝሓሸ ሃዋህው ንምስጓጋር ዝኽእል ዕድላት ይርከሕ ኣሎ። ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መልእኽቲ ሓድሽ ዓመት ዝገለጾ ኩሉ፡ ኣብዚ እንኣትዎ ዘሎና ሓድሽ መድረኽ፥ ማዕረ ማዕረ ዞባዊ ሰላም ንምድልዳል ዝሕተት ጻዕሪ፡ ልምዓታዊ ብድሆታትና እውን እናዓበየ ከምዝኸይድ ርዱእ እዩ።

ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ ከምዝጽሮ፡ ራእይና፡ ድሌት መላእ ህዝቢ ዘርዊን መተባበሮ ዘመሓይሽን ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ምዕሩይ ዝርግሐ ዘለዎ፡ ግላዊ ወፍሪን ተበግሶን ዘተባብዑ፡ በዚ መገዲ'ዚ ተመጣጣኒ ዕበየት ብምፍጣር፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘረጋግጽ ቁጠባ ምህናጽ'ዩ። እዚ ዕላማ'ዚ ዝረጋገጽ ብቐንዱ ብሰፊሕ ሱታፌ ህዝቢ እዩ። ግደ መንግስቲ፡ ብቑዕ ትሕተ-ቅርጺን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ብምውዳድ፡ ንናይ ውሽጢን ወጻኢን ወፍሪን ቁጠባዊ ንጥፈታትን ምቹእ ባይታ ምንጻፍ'ዩ። መንግስቲ ኣብ ሓለፍቲ'ዚ ተሰኪሙ፡ ኣብ ምውዳድ ትሕተ ቅርጺን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን መጠነ ዝኸውን መሰረት ኣብ ምንጻፍ ደርኪቡ። ርግጽ'ዩ ገና መሊእና ክንሰርሖ ዘለና ሕጽረታት ኣሎ። በቲ ዛጊት ተደሊቡ ዘሎ ዓቕሚ ግን፡ ዝጸንሐ ማሕለኻታት ከከም ቀዳምነቱ እናተፈትሐ ዝኸይድ ብምዃኑ፡ ወፍሪ ዜጋታት ምትብባዕ ግዜኡ እዩ።

ኤርትራ ምስቲ ዘለዋ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ጻዕራም ህዝብን ንልምዓት ዝተወፈየ መንግስቲን፡ "ንወፍሪ እተባብዕ ሃገር እያ" እንተተብሃለ ልክዕ መግለጺኣ እዩ። ዘለዋ ዕቑር ሃብቲ ኣመና ገዚፍ እዩ። ኣብ ዕደና፡ ሕርሻ፡ ሃብቲ እንስሳ፡ ኢንዱስትሪ፡ ቱሪዝም፡ ባሕርን ጸጋታቱን ወዘተ. ማእለያ ዘይብሉ ናይ ወፍሪ ዕድላት ዘለዋ ሃገር'ያ። ከባቢና፡ ኣገዳሲ ስትራተጂያዊ ቦታ ናይ ዓለምና ብምዃኑ ድማ፡ ኣብ ጽላት ኣገልግሎታትን ንግዳዊ ንጥፈታትን ዘሎ ናይ ወፍሪ ተኽእሎ ሰፊሕ እዩ።

ብዙሕ ግዜ፡ ብሕታዊ ወፍሪ ክበሃል እንከሎ፡ ምስ ዓበይቲ ኩባንያታት ወጻኢ ጥራይ ኣተኣሳሲርካ ናይ ምርኣይ ዝምባለ ኣሎ። ናይ ወጻኢ ወፍሪን ሽርክነትን ኣድላይነቱ ዕዙዝ ኮይኑ፡ ካብኡ ንላዕሊ ግን፡ ብዕበዩቱን ኣገዳስነቱን ምስ ዝኸዓ ናይ ወጻኢ ወፍሪ ክተኣኻኸሮ ዘይክእል፡ ኣብ ህንጸት ሃገርን ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝብን ወሳኒ ተራ ዝጻወት፡ ውሑዳት ዘይብልሕትዎ መላእ ህዝቢ ዝሳተፎ፡ ናይ ዜጋታት ወፍሪን ተበግሶን'ዩ። ንኣሸቱን ማእከላይን ወፍሪ ዜጋታት ተደሚሩ፡ ቁጠባ ሃገር ኣብ ምስሳን ዝህልዎ ግደ እቲ ዝዓበየ'ዩ። ግዳማዊ ወፍሪ ብኣድማዕነት ኣብ ረብሓ ሃገር ክውዕል እንተኾይኑ እውን፡ ንሓዋሩ መሻርኽቲ ናይ ውሽጢ ወፍሪ ዝኾኑ ብቑዓት ክፍጠሩ ስለዘለዎም፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ቁጠባ ውሽጣዊ ዓቕሚ ምምዕባልን ተበግሶታት ምብርባርን ምጉያይ ዘድልዮ መድረኻዊ ዕማም እዩ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ሰብዓ ዓመት ዝጸንሐ ባእሲ ዘዝሓለ መገሻ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙንታት መራሒ ደቡብ ኮርያ ናብ ጃፓን ተጓዒዙ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ተራኺቡ ዝዘተሩሉ ኣጋጣሚ ከም ዓቢ ታሪኻዊ ተርእዮ ተገይሩ ክውሰድ ምቕናዩ ይፍለጥ። ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ናይ ውግእ ሃዋህው የለን። ቁጠባዊ ምትህልላኽ ዝፈጠሮ ግርጭታት እውን የብለንን። ኣብ ዕርቂ ክበጽሕ ዘይከኣለ 'ኩራ' ግና ኣለወን። እቲ ዝሓሉል ባእሲ ቀሊል ክመስል ይኽእል። ግና ንዲፕሎማሲያዊን ቁጠባውን ዝምድናታት ከም ዓንቃፊ ማሕለኻ ኰይኑ ሓያሎ ዓመታት ጸኒሑ ኣሎ።

ቅድሚ ሕጂ እውን መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ሓሓሊፎም ይራኸቡ እኳ እንተነበሩ፡ ደበና ኩራ ዘንጸላለዎ ሃዋህው ምንባሩ ተዓዚቡ የረድእ። ንዝሓለፈ 12 ዓመት ግና መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ክይተራኸቡ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዓሚ ዝተመርጸ ፕረዚደንት ኮርያ፡ ዩን ሱክ ዩኦል ናብ ጃፓን ተጓዒዙ ምስ መራሒ እታ ሃገር ተራኺቡ፡ ተዘራሪቡ ኣሎ። ፍልልያት ክልቲኦም ኣብ ሰለም ሒዞም እዮም ንልዝቡ ኮፍ ኢሎም። 'ሳዕላ ብሰዕ ኣይትቕላዕ' እዩ ነገሩ። ኣብ ውሽጢ ምቁር ፍረ ሳዕሉ፡ ባልዕ ስለ ዝሰፍሩ ክይከፈትካ ወይ ተዓሚትካ ትብልዕ። ሶሚን ኮርያ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ጥራይ ንራብዓይ ዙር ሚሳይል ደጊማ ናብ ባሕሪ ዝተኩሰትሉ ግዜ ስለ ዝነበረ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ካብዚ ኣርእስቲ ወጺኦም ናብ ቁይቅ ክይኣትው ዘኽልክል ኣጋጣሚ እዩ ነይሩ።

ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ክሓዊ ዘይከኣለ ናይ ታሪኽ በሰላ ኣሎ። ኣብ መንጎአን ዘይሰማምዓሉ ጉዳይ፡ ኮርያ ተበዲለ እትብሎ ክሲ፡ ብጃፓን ፍጹም ቅቡል ኣይኮነን። ጃፓን ይቕረታ ሓቲታ ክይከሓሰት ደቡብ ኮርያ ክትርስዕ ወይ ይቕረ ክትብል ስለ ዘይከኣለት እቲ ባእሲ ከይቀሃመ ንዓመታት ቀጺሉ ደርኩቡ።

ደቡብ ኮርያ ካብ 1910 ኣትሒዛ ክሳብ መወዳእታ ካልኣይ ኩናት ዓለም ን35 ዓመት ዝኣክል ኣብ ትሕቲ ጃፓን ኣብ ዝጸንሓትሉ ግዜ ንዝተበደላ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጃፓን ክትከሕስ ጻውዒት ክቐርብ ጸኒሑ እዩ። እዚ ክሲ እዚ ጃፓን ስለ ዘይትቕበሎ፡ ርክብ ክልቲአን ጎረባብቲ ሃገራት ምቅሕሓር ዝመልአ ኰይኑ ጸኒሑ።

ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዝርከብሉ ዞባ ሰሜን ምብራቕ ኤስያ ንዝፍጠር ስግኣት ወተሃደራዊ ተርእዮታት ብሓባር ክከላኸላ እንድሕር ኰይነን፡ ኣብ ናይ ሓባር መኸተ ክቀራረባ ኣለወን። ኣብቲ ከባእሳን ዝጸንሐ ልዕሊ 70 ዓመት ዝጸንሐ ጉዳይ ካሕሳን ይቕረታን ወይ



ጃፓን ክትኣምሉ ነይሩዋ ወይ ደቡብ ኮርያ ክትሓድጎ ነይሩዋ። ሕጂ ደቡብ ኮርያ ገዲፋቶ ትመስል። ኑተን ክሰዕ ሕጂ ዝጠርዓ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ፡ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ባዕሉ ካሕሳ ክህብ ፕረዚደንት ዩን ፈቒዱ ኣሎ። ኣብ ደቡብ ኮርያ ዘሎ መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ ድማ ኣብ "ታሪኽ ሃገር ዝፃለየ ወርደት" ብምባል ተቓውሞ ኣሰሚዑ።

ደቂ ዓዲ ይኹን ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ ዲፕሎማሰኛታት እዚ ጉዳይ ጠይሩ ርእዮ ክህቡሉ ቀጺሎም ኣለው። ካብ ቅድሚ ሓደ ዓመት ከም ጠበቓ ኰይኑ ዝሰርሐ ዝነበረ ፕረዚደንት ዩን፡ ሃገሩ ምስ ጃፓን ንዝጸንሓ ሓርፋፍ ርክቦት ምምሕያሽ ከም ቀንዲ ረቛሒ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ገይሩ ሒዚዎ እዩ ጸኒሑ። ደቡብ ኮርያ ካብ ጃፓን እትጠልቦ ዝነበረት ይቕረታን ካሕሳን ምስ ሰረዘ፡ መራሒ ኣመሪካ ጆ ባይደን ናይ ሓጎስ መልእኽቲ ከም ዝለኣኸን ናብ ኣመሪካ ክበጽሕ ዕድመ ከም ዝለኣኸሉን ጸብጻባት የረድእ።

ክልቲአን ሃገራት ኣብ ሓደ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ከምጽኣን ዝኽእል ስምምዕ እኳ እንተተወሰዱ፡ እቲ በሰላኽ ካብ ልቢ ህዝቢ ይሓውዮ ዝበሉ እውን ኣለው። ሕቶ ናይተን ዝተበደላ ኣንስቲ ንወለዶታት ኣብ ታሪኽ እታ ሃገር ከም ውዕወዕ ጉዳይ ኰይኑ ብምዕባናት ዜና እናተዘከረ ስለ ዝጸንሐ፡ ኣብ ልቢ ህዝቢ ዝሰረጸ ሰኽም ንወለዶታት ክሰጋገር ጸኒሑ እዩ።

ፕረዚደንት ዩን ብዝወሰዶ ስጉምቲ ድማ ኣብ መንጎ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ዘይምትእምማን እናሃሰሰ ክኸይድ ይኽእል። ደቡብ ኮርያ እውን ተዓጽያቶ ዝነበረ ቁጠባዊ ረብሓታት ከም ብሓድሽ ክኽፈተላ ይኽእል። እቲ ልሙድ ናይ ክብሪ ኣቀባብላ ጋሻ ምስ ተፈጸመ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ናብ ዕዳጋ ወረዶም ጃፓን እትጸውዓሉ ዓይነት መግቢ ኣብ ሓደ ሰደቓ ምብልዖም ከም ሰናይ ፋል ክዕለል ቀንዩ።

## ዓቓባዊ ባህሊ ዓቢጥዎ ዝጸንሐ ዛንታ

ሃጼያዊት ጃፓን ንደቡብ ኮርያን ካልኦት ሃገራት እቲ ከባቢን ኣብ እተቖጻጸረትሉ ግዜ፡ ኣብ ሓያሎ ንቕጣባታት ዕዮን ወተሃደራዊ መዓስከራትን ዜጋታት ጃፓን ዝዘናግዕሉ ክለባት ከም ዝነበራ ጸብጻባት የረድእ።

ወተሃደራት ጃፓን፡ ኣብቲ ክለባት ንዝዓይያ ኮርያውያን ኣዋልድ፡ ከም 'ማዘናግዒ' ይጥቀሙለን ምንባሮም ጸብጻባት ይገልጹ። እተን ኣዋልድ ተገዲደን ካብ ኣባይተን ብምግፋ ከም እተወሰዳ ክገልጻ እንከለዋ፡ ጃፓናውያን ግና ብፍቓደን ዝተቖጽራ ሰራሕተኛታት ከም ዝነበራን ገለአን ድማ ኣካላተን ብገንዘብ ዝሸጣ ኣመንዝራታት ምንባረን ይገልጹ። ውሑድ መጠን ደኣ እዩ እምበር ጃፓን ይቕረታ ክይሓተተት ካሕሳ ክትህብ ድልውቲ ምኻና ክትገልጽ ጸኒሓ እያ።

እዚ ክስን ጸረ-ክስን ብምጽጋር ደቡብ ኮርያውያንን ጃፓናውያንን ክረአ እንከሎ ኣብ ክልቲኡ ነድሪ ዝፈጥር ኣርእስቲ ኰይኑ ኣሎ። ብመሰረት ምንጭታት ምዕራብ፡ ሃጼያዊት ጃፓን ኣስታት 200 ሽሕ ናይ 'ማዘናግዒ ኣንስቲ' ኣገዲዳ ኣብ መዓስከራት ኣዋፊራ ምንባራ ይገልጹ። ጃፓን ከኣ እዚ ኣይትኣምነሉን።

እቲ ተፈጺሙ ዝተባህለ ገበን ካብ 1932- 1945 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ክኸውን እንከሎ፡ እተን ዝተበደላ ኣዋልድ ደቡብ ኮርያውያን ጥራይ ዘይኮናስ ካብ ሓያሎ ሃገራት ደቡብ ኤስያን ፓሲፊክን ዝተወስዳ ምንባረን ምንጭታት ይገልጹ።

ሃጼያዊት ጃፓን ኣብ 1945 ተሳዒራ፡ ሰራዊታ ዕጥቂ ምስ ፈትሐ፡ ኣብ ሓያሎ መዓስከራት ናይ ማዘናግዒ ስፍራታት ተደኲኑ ተረኺቡ ነይሩ። ናይ ማዘናግዒ ኣዋልድ ዝበሃላ ሰራሕተኛታት ከኣ ይርከባ ነይረን። ግና ድሕሪ ውግእ ኣብ ዝነበረ ናይ ኣጸባጽባ ዓመታት፡ ጃፓናውያን ኣብ ልዕሊ ምሩኻት ዝገበርዎ ኣብ ዝነበረ በደላት ዝተመርኰሰ ክሲ ጥራይ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ልዕሊ እተን ብዘይፍታው ኣገልግሎት ጾታ ዝሀባ ዝነበራ ደቀንስትዮ ዝተዋህበ ኣቓልቦ ድኹም እዩ ነይሩ።

ናብ ሃገረን ክምለሳ ዝኸኣላ ደቀንስትዮ ደቡብ ኮርያ እውን ብሸነኺ እቲ ኣብ ዓቓባዊ ባህሊ ዘሎ ኣሳሪ ሕፍረት፡ ቀልጢፈን ክሲ ከቕርባ ወይ ከምዚ ተበዲለ ኢለ እትዛረብ ኣይተረኽበትን። ኣብ ናይ መጀመርታ ዓመት 90'ታት ሓንቲ ደፋር ተረኺባ፡ ከም ቦክ ዶንግ ዛንታኣ ክትውጽእ ሓቦ ክሰዕ እትኣኻኽብ 40 ዓመት ወሲዱላ። ጓል 14 እንከላ፡ ጃፓናውያን ኣብ ቤት ዕዮ ስራሕ ክትቀጽር ኢሎም ሰድራ ኣፈራሪሖም ካብ ገዛ ብምግፋ ከምዝወሰድዋ ትገልጽ።

ኣብ ቻይና ናብ ዝነበረ ናይ ጃፓን መዓስከር ተወሲዳ ኣብ ሓደ ማዘናግዒ ወተሃደራት ተመዲባ። መጀመርታ መዓልቲ 'ብምሕረምቲ እየም ገሪሞሚ' ትብል ከም። ማሕረምቲ ምስ በዝሐ ኸኣ ተማሒዚዛ። ትገልጾ ስቓይ ኣብዚ ምጽሓፍ ኣጸጋሚ እዩ። ኣዲኣ ቋጺራትላ ካብ ዝነበረት ቁሩብ ገንዘብ ብናይ ጽሬት ሰራሕተኛ ገይራ ብርቱዕ ኣልኮላዊ መስተ ብሕቡእ ኣእቲያ። ምስ ብጾታ ኰይና ክሳብ ሃለዋት ዘጥፍኣ ሰትየን። ርእሰን ቅትለት ኣይተፈጸመን። ወዲቐን ምስ ተረኽባ ዝሰተያኦ ኣልኮላዊ መስተ ካብ ከብደን ተቐዲሑ ካብ ሞት ሰሪረን።

ምስ ሓወየት ድማ ካብኡ ንደሓር 'ታሪኸይ ከዘንቱ ብህይወት ምንባር ክቕጽል እየ' ዝበል ኒሕ ኣማዕቢላ። ቀዳመ ሰናብቲ ኣዘዮም ብዙሓት ወተሃደራት ዝመጽኡሉ ግዜ ብምንባሩ፡ ኣዝዩ ናይ ስቓይ ቅነ ምንባሩ ከም ትገልጽ። ኣብ ቀዋም መዓልታዊ ሽዱሽተ ሰዓታት፡ ኣብ ሰንበት ግና ትሽዓተ ሰዓት ብዘይ ምቍራጽ ብሪጋ ዝተሰርዑ ወተሃደራት ተተኣናግደ። ኣብ መዓልቲ ክሳብ ሓምሳ ኣጋይሽ እትቕበለሉ ግዜ ምንባሩ ትገልጽ።

ካብ መዓስከር ናብ መዓስከር እናተቐየረት ኣብ ሲንጋፖር በጺሓ። ኣብኡ ኣብ ሕክምና ተመዲባ ዘድሕና ኣጋጣሚ ትጸበ ነይራ። ኣብ 1947 ናብ ሃገራ ናብ ደቡብ ኮርያ ናይ ምምላስ ዕድል ረኺባ ምስ ስድራኣ እውን ተራኺባ።

ናይ ከም ዛንታ ናይ ጅማዝት ታሪኽ እዩ። እቲ ኹሉ ናይ ኣእምሮ ስቓይ ተጻዊራ፡ ካብ ባይታ ተላዒላ ኸኣ ወናኒት ዓቢ ትካል ብምዃን ብዙሕ ናይ ግብረ ሰናይ ትካላት ከፊታ። ኣብቲ ዕጹው ጸቓጢ ባህሊ ንኮርያውያን ዘበራብር፡ ካልእ ሰበይቲ ክትገልጾ ዘይከኣለት፡ ከም ብዓውታ ኣብ ጎደናታት ኮርያ ትገልጾ ነይራ። በቲ ደፍረታ ዝተተባብዓ "ናይ ጾታ ማዘናግዒ" ዝነበራ ሕቡኣት እውን እናወጻ ክሕወሳ ጀሚረን ። እቲ ከም ዝገደፈቶ ወርሻ ክሳዕ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ።

ቅድሚ ቍሩብ ዓመታት ብእርጋን ዝሓለፈት 'ከም' ክትመውት እንከላ፡ ኑቲ ወትሩ እተሰምዖ ዝነበረት 'ዝበደለ ብጌግኡ ይተኣመን ይቕረታ ኸኣ ይሕተት' ዝብል ቃላት ኣሰሚዓ ከምዝዐረፈት ምንጭታት የረድኡ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

# ዜና

## መንደፈራ - ማሕበር ተራድኦ ናይ ጸባ ከበቲ ጉባኤኡ ኣካየዱ



ማሕበር ተራድኦ ናይ ጸባ ከበቲ መንደፈራን ከባቢኣን፡ ብ23 መጋቢት 6ይ ስሩዕ ጉባኤኡ ብምኽያድ፡ ንንጥፈታቱ እተመሓደር ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል መሪጹ፡፡

ኣቦ'ቲ ወከልቲ ምምሕዳርን ቤት-ጽሕፈት ሕርሻን ንኡስ ዞባ መንደፈራ ዝተረኸቡሉ ጉባኤ፡ ማሕበር - ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ብዘጋጠሞ ብደሆታት ቀረብ መግቢ እንስሳን ዘይውሑስ ዕዳጋ ጸባን ተጻኢሙ ስለዘሎ፡ ንትንሳኤኡ ደገፍ መንግስቲ ከምዘድሊ ተገሊጹ፡፡

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ በረኸት ተስፋስላሰ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ማሕበር ተራድኦ ናይ ጸባ ከበቲ መንደፈራን ከባቢኣን ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ዘፍረዮ 825,760 ሊትሮ ጸባ፡ ቅድሚ 2018 ኣብ ሓደ ዓመት የፍርዮ ምንባሩ ጠቒሱ፡ ብዘለዉ ኣባላትን ዝውንኑወን ናይ ጸባ ከብትን'ውን እናንቆልቆለ ከምዝመጸ ኣረዲኡ፡፡

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ሃብቲ እንስሳ ዶ/ር ዑቕባዝጊ ክፍለ ብወገኑ፡ ብደሆታት ማሕበር ንምፍታሕ፡ ሓፈሻዊ መግቢ እንስሳ ክለምዑ ዝኽእል መሬት ኣብ ዓዲ-ዓዲን ሸኻውዲ ብስራትን ከምዝዝውዕ፡ ጸገም ጸዓት ንምቅላል'ውን ናይ ጹሓየዊ ጸዓት ሓገዝ ንምግባር ተበጊሖታት ይወሰድ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ምትሕብባር ናይቶም ሓረስቶት ክዕዘዘ ኣዘኻኺሩ፡፡

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወ/ህበት ድማ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝጸንሐ ብደሆታት ዕዳጋ ጸባ ኰነ ቀረብ መግቢ እንስሳ ኑቲ ማሕበር ሃሰያ ከምዘውረደሉ ብምግላጽ፡ ሓደስቲ ዝተመርጹ ኣባላት ንዙሓሽ ዕቤት ብወህደትን ምምልላእን ክሰርሑ ተላቢዮ፡፡

ኣብ መወዳእታ ጉባኤኛታት፡ ወነንቲ ከብቲ ንማሕበር ናይ ዘቕረብዎ ጸባ ክፍሊት ኣብ ግዜኡ ስለዘይወሃቦም ደጸገሙ ስለዝለዉ፡ ዝሓሸ ኣሰራርሓ ክተኣታቶ ተላብዮም፡፡

ማሕበር ተራድኦ ናይ ጸባ ከበቲ መንደፈራን ከባቢኣን፡ ኣብ 1996 እዩ ተመስሪቱ፡፡

## ኣባላት 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ 475 ከረጺት ደም ለጊሶም

“ብዙትኻእ ደም ዘይትትካእ ሂወት ነድሕን” ብዝብል ቴማ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንኪ ደም ንምስሳን ዝዋለመ ወፍሪ ንምዕዋት፡ ኣባላት መበል 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብወለንታኦም ልዕሊ 475 ከረጺት ደም ለጊሶም፡፡

ብ25ን 26ን መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ማስርሒ ልግሲ ዝተረኸበ ሓላፊ ጨንፈር ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ጉብረመስቀል እምባዬ፡ ብደረጃ ሃገር ካብ'ቶም ቀንዲ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ወፍሪ - ተመሃሮ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣባላት ሰራዊትን ምዃኖም ብምሕባር፡ ኑቶም ወለንታዊ ተበግሶ ብምውሳድ ደም ዝለገሱ ኣባላት 35 ዙርያ ምስጋና ኣቕሪቡ፡፡

ካብ መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ ሰስተር ጆርጂና ጉብረእግዚኣብሄርን ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ላቦራቶሪን ባንኪ ደምን ቀሺ ዳዊት ተስፋሚካኤልን ብወገኖም፡ ቅሩብነትን ርድኢትን ናይ'ቶም መንእሰያት ልዕሊ ትጽቢቶም ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ብምግላጽ፡ ኑቶም ለገስትን እቲ ማስርሕ ዕወት ክኸውን ልዑል ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣሊዪትን ኣማስጊኖም፡፡

ለገስቲ መንእሰያት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብዙትኻእ ደም ዘይትትካእ ሂወት ንምድሓን ወትሩ ቅሩባት ምዃኖም ብምብራህ፡ ደም ምልጋስ ኩነታት ጥዕናኻ ንምፍላጥ'ውን ስለዝሕግዝ፡ ዓቢ ረብሓ ከምዘለዎ ገሊጾም፡፡

## ማእከል - ጥሕሰት ትራፊክ ወሲኹ

ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት 2023፡ ምስ ናይ ቅድሚኡ ዓመት ተመሳሲሊ ግዜ ብምንጽጻር፡ ጥሕሰት ሕግታት ትራፊክ ብኣስታት 24 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፡ ኣዚዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል ሓቢሩ፡፡

ኣብ ጥሕሰት ትራፊክ ሓደጋታት ከምዝጋጥም ዝገለጸ ሌተናል ኮሎኔል





ግርማይ ጉብረሚካኤል፡ መራሕቲ ኣሽከርከርቲ ብኣድህቦን ጥንቃቐን ክንቀሳቐሱ ማዕዳን ሓበሬታን ይወሃበን ቁጽጽር ይግበርን'ኳ እንተኾነ፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ወርሒ መጋቢት 2023 ብዘበን ምጥሓስ ሕጊ ልዕሊ 25 ሽሕ ኣሽከርከርቲ ምኽሳሶም፡ እቲ ተርእዮ መመሊሱ ይንህር ከምዘሎ ከምዝመልክት ኣብሪሁ፡፡

ምክትታል ገበን ንፖሊስ ጥራይ ዘይኮነ ንመላእ ሕብረተሰብ ከም ዝምልከት ጠቒሱ ድማ፡ ዝምድናን ምትሕብባርን ህዝብን ፖሊስን መሊሱ ክሕይል ብምዝኽኻር፡ ሓደጋ ንምክልኻል ለይትን መዓልትን ንዝተጥፉ ዘለዉ ኣባላት ፖሊስ ሞጉሱ፡፡

ኣብ ዞባ ማእከል፡ 8 ኣብ ኣስመራ፡ 3 ድማ ኣብ ንኡስ ዞባታት ጋላ-ነፍሓ፡ በረኽን ሰረጀቓን ብድምር 11 መደበራት፡ ከምኡ'ውን 7 ንቑጣታት ፖሊስ ኣለዋ፡፡

## ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ተርእዮ ኣንበጣ ገረብ ንምቁጽጻር ብዕቱብ ክሰራሕ ጸዊዑ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ እናወሰኸ ዝመጽእ ዘሎ ተርእዮ ኣንበጣ ገረብ ንምቁጽጻር፡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ብኣድህቦ ክከታተሉ ጸዊዑ፡፡

ኣንበጣ ገረብ፡ ዓመታዊ ብፍላይ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብቐጻሊ ክርአ ምጽንሑ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግና ኣብ ዞባታት ዓንሰባ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ደቡብን'ውን ክርአ ከምዝጀመረ፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ሓቢሩ፡፡

ኣንበጣ ገረብ፡ ሓደ ካብ ሳጓምቲ ባልዓት ኮይኑ፡ ኣብ ግዜ ለይቲ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝግዓዝ፡ ኣብ ዝወዓሎ ድማ ዘይሓድር ሓደገኛ ባልዕ ምዃኑ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ኣሃዱ ሳጓምቲ ባልዓት ኣቶ ቴድሮስ ሰዩም ይገልጽ፡፡

ኣንበጣ ገረብ፡ ብቐንዱ ናይ ገረብ ባልዕ'ኳ እንተኾነ፡ ኣግራብ ኣብ ዘይረኽበሉ እዋን ግና ኣብ ፍረታት፡ ኣሕምልትን ገለ ዘራእትን ዕንወት ከውርድ ዝኽእል ብምዃኑ፡ ዝያዳ ሓደገኛ ከም ዝገብሮ ዝሓበረ ኣቶ ቴድሮስ፡ ሓረስቶት፡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ምምሕዳራት፡ ከምኡ'ውን ሰራዊት ዕቱብ ክትትልን ኣድህቦን ክገብሩ ተላብዩ፡፡

ለሚ ዓመት ወሰኑን ተርእዮ ኣንበጣ ገረብ እምበር፡ ብደረጃ ዓለም ይኹን



ብደረጃ ዞናና ዝጥቀስ ተርእዮ ኣንበጣ ምድረብዳ ከም ዘይነበረ፡ ጸብጻባት ዓለማዊ ውድብ መግቢን ሕርሻን የጽር፡፡

## ጋሽ-ባርካ - ቀዳማይ ወፍሪ ክታበት መንሸሮ ክሳድ ማህጸን 95 ሚእታዊት ተዓዊቱ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2022 ካብ 9 ክሳብ 14 ዓመት ንዝዕድመአን ኣዋልድ ዝተዋህበ ቀዳማይ ወፍሪ ክታበት መንሸሮ ክሳድ ማህጸን፡ 95 ሚእታዊት ከምእተዓወተ ተገሊጹ፡፡

ኣብ ጨንፈር ጥዕና'ቲ ዞባ ሓላፊ ኣሃዱ ሰድራቤትን ከምን ኣቶ መሓመድ-ሰዒድ ኑረዲን፡ ብ25 መጋቢት ኣብ ከተማ ተሰነይ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ክኽተባ ትጽቢት ካብ ዝተገበረለን ኣስታት 75 ሽሕ ኣዋልድ፡ 71,505 ከምእተኸትባ ኣብሪሁ፡፡

እቲ ወፍሪ ዕዉት'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ገለ ንኡሳን ዞባታት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ሽፈን ትሓት ብምንባሩ፡ ኣብ ካልኣይ ወፍሪ ፍሉይ መደብ ተታሒዙለን ከምዘሎ ድማ ገለጹ፡፡

ዝበዝሓ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ስለዝሕቆፋ፡ ተሳታፍነት መማህራን ዓቢ ከምዝነበረ፡ ወለንታውያን ጥዕና ዓዲ'ውን ኣብ ምንቅስቓስን ዝኽተባ ኣብ ምቕራብን ልዑል ተራ ከምዝነበሮም ዝጠቐሰ ኣቶ መሓመድ-ሰዒድ፡ ህዝቢ ንዝገበሮ ኣበርክቶ ሞጊሱ፡፡

ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን ኣቶ ሱልጣን ሓጎስ ብወገኑ፡ ሰብኲሶሎማዊ ማሕበር፡ ዘይምጥርናፍ ዓድታትን ወቕቲ ቀውዒን ገለ ካብ'ቶም ቀንዲ ብደሆታት'ኳ እንተነበሩ፡ ኣጋር ሓካይምን ጸለውቲ ሰባትን ክሳብ ርሑቕ ገጠራት እናተንቀሳቐሱ ብዝፈደይዎ ጻዕሪ ከምእተሰግረ ኣረዲኡ፡፡

ሓላፊ ሃገራዊ መደብ ወፍሪ ክታበት ኣቶ ቴድሮስ ይሕደጎ ብወገኑ፡ ቀዳማይ ክታበት ብዘይ ካልኣይ ክታበት ውጽኢት ስለዘይህልዎ፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ እተን ዝኽተባ ኣዋልድ ድማ ብፍላይ ብዋዕእ ክየገዝዕኦ ብምልባው፡ ካልኣይ ወፍሪ ክታበት ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ግንቦት ክጅምር ምዃኑ ሓቢሩ፡፡

## ጋሽ-ባርካ - ውሕስነት መግቢ እንስሳ ንምድንፋዕ ንጥፈታት ይሰላሰል

ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን፡ ውሕስነት መግቢ እንስሳ ንምድንፋዕ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣድማዒ ንጥፈታት የሰላስል ከምዘሎ ሓቢሩ፡፡

ኣካያዲ ሕርሻ ኩታይ ኣቶ ሓበን ተስፋሃንስ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብክረምታዊ ሕርሻ ኣብ ኣስታት 3 ሽሕ ሄክታር ዝለምዐ ኣእካል ብወሁድ ሚእቶታዊ ንጥፈታት ህዝብን ሰራዊትን ኣብ ቆፎኡ ምስ ተጠርነፈ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ምእካብ ተረፍ ምህርቲ ይሰላሰል ከምዘሎ ኣብሪሁ፡፡

ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ሓበን፡ እቲ ኣብ ሰፊሕ ሕርሻታት ኩታይ ዝሰለጥ ዘሎ መስርሕ ምጥርናፍ ተረፍ ምህርቲ፡ ምዕጻድን ምእካብን ቃንጫን ሳዕርን ከምኡ'ውን ምእካብ ጉርዲ ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ብጉልበት ሰብን ደገፍ ማሽነሪን ይዕመም ከምዘሎ ኣረዲኡ፡፡

እቲ ኣብ ዝተፈላለየ ፕሮጀክታት ሕርሻ ዝዕየድ ዘሎ ምእካብ ተረፍ ምህርቲ፡ ኑተን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገር ዝረብሓን ዝሰብሓን ዘለዋ ጥሪት ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ዝዋለመ ምዃኑ ጠቒሱ ድማ፡ ብኣድማዕነት ይቕጽል ከምዘሎ ገሊጹ፡፡

ኣካያዲ ሕርሻ ኩታይ ኣቶ ሓበን ተስፋሃንስ ኣብ መወዳእታ፡ ሓረስቶት ብዘይካ'ቲ ኣብ ምጥርናፍ ምህርቲ ዘለዎም ኣድህቦ፡ ንምጥርናፍን ምዕቃብን ተረፍ ምህርቲ ልዑል ኣቓልቦ ክሁብዎን ዝናብ ኣብ ዝሓጽረሉ ወቕቲ ንጥሪት ዝኸውን ትሕዝቶ መግቢ ናይ ምዕቃብ ባህሊ ከማዕብሉን ተላብዩ፡፡

## ብዓውድታት ፊልምን ድራማን ዝሰልጠኑ ተመረቑ

ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ብዓውድታት ፊልምን ድራማን ከሰልጥኖም ዝጸንሐ 65 ደቀኣንስትዮ ዝርከብዎም 130 ሱታፍ ጥበባውያን፡ ብምኽንያት 27 መጋቢት - ዓለማዊ መዓልቲ ትያትር ኣመሪቑ፡፡

እቲ ስልጠና፡ ኣብ ኣጸሓሕፋ፡ ኣተኣላልያን ኣወሳስኣን ድራማን ፊልምን ዘተኮረ'ዩ ነይሩ፡፡

ኑቲ ስልጠና ዝሃበ ስነጥበባዊ ኤፍሬም ካሕሳይ፡ ዓውዲታት ድራማን ፊልምን ብትምህርቲ ምስ ዝሰነ ዝለዓለ ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ብምጥቃስ፡ እናተዳኸመ ዝኸይድ ዘሎ ዓውዲ ትያትር ንምብርባርን ንምምዕባልን ዝምልከቶም ኣካላት ቁልሕታ ክህብዎ ተላብዩ፡፡

ኣቦ'ቲ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ዝተረኸበሉ ኣጋጣሚ፡ መልእኽቲ ዓለማዊ መዓልቲ ትያትር ቀሪቡ፡፡

ተመረቕቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እዚ ስልጠና ኑቲ ኣብ ስነጥበብ ብልምዲ ክኽተልዎ ዝጸንሑ ኣካይዳ ዝቕይርን ዘማዕብልን ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ብምሕባር፡ ኩሎም ስነጥበባውያን ሃገርና ንዝለዎም ተሞክሮን ልምድን ብትምህርቲ ክድርዕዎ ጸዊዖም፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ብተመሃሮ ዝተዳለወ ስነጥበባዊ ዕዮ ንተሳተፍቲ ቀሪቡ፡፡




# ሓጎስን ርግኣትን ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ዝሰርቁ ነገራት

ማርታ ክብሮም

• **ኣመና ትሕተት ምኳን፦** ዝኾነ ሰብ፡ ተሓጊሱ መዓልቲ ካብ ኩሉ ሓለፍት ምስቶም ድማ ናጻ ዝኾኑት መዓልቲ ክውዕል ይደሊ እዩ። ምኽንያቱ ኩሉ ግዜ ኣእምሮና ትሑዝ ምስ ዝኸውን ሓጎስን ሰላምን ካብና ከም ዝርሕቕ ስለዝኸውን እዩ። ስለዚ ወላ ሸሕ ግዜ ትሑዛት ንኹን ኑብስና ንኣልየሉን ዝናኖዓሉን ግዜ ክህልወና ዝበለጸ እዩ።

• **ሰምና ኣልዒሉም ንዘዋዝዉን ዝላግዑን ሰባት ምግዳስ፦** ደቂ ኣንስትዮ ብባህርና ብኣና ዝዋዘዉ ዝስሕቑን ሰብ ብዙሕ ኣይንፈቱን ኢና ወይ'ውን ቀልጢፉ ከኸርየና ይኽእል። ደቂ ተባዕትዮ ግና፡ ክዘናግዑ ምስ ዝደልዩ ንሓድሕዶም እናተጻራረፉን እናተወናጀሉን እዮም ዝዘናግዑ። ከም ዋዛ ወይ ከም መስሓቒ ዝተዛረቦ ዘረባ፡ ክብርና ከም ዝተንከፈ ገይርና ክንሓስቦ የብልናን። ስለዚ ምሳና ከምኡ ኣብ ዝገብሩሉ ግዜ ወይ መሓዙትና ብኣና ምስ ዘላግጹ ክንንደር ወይ ክንሓሪ ዘይኮንና፡ ከም ተራ ዕላል ወሲድና ክንዘናግዖሉ እዩ ዘለና።

• **ንኑብስና ብዙሕ ፍቕሪን ክንክንን ዘይምልጋስ፦** ደቂ ኣንስትዮ ብባህሪ ሓለፍቲ ተሰሚዐና ስድራ ቤትና ናይ ምእላይን ምክንኻንን ልምዲ ኣለና። እንተኾነ ሓደ ሓደ ግዜ መጠኑ ዝሓለፈ ይኸውን እሞ፡ ክሳብ ኑብስና ንርስዕ ንኸውን። ኩሉ ሓይልናን ጉልበትናን ድማ ስድራ ቤትና ኣብ ምእላይ ጥራይ ነሕልፎ። እንተኾነ እዚ ተመሊስና ክንሓስቦ ከለና ጸቢቕ ስምዒት ከም ዘይህበና ይኸውን። "እንታይ ኮይነ ኑብሰይ ዘጸልኣልኩ፡ እንታይ ኮይነኸ ጸቡቕ ዘይተኸደንኩን ምስ መሓዙተይ ናብ ከተማ ወጺአ ዘይተዘናጋዕኩን" እናበልና ንድሕሪት ተመሊስና ኣስቆርቋርን ሕማቕ ስምዒት ይስምዓና።

• **ኣመና ጸግዕተኛ ምኳን፦** ሃብታማት ስድራ ክህልወና ምምናይ ወይ ጸግዕተኛ ምኳን ምሉእ ሓጎስ ክህብ ዘኽእል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኩሉ ግዜ



ሃብታም ሰብኣይ ክትምርዖ ምድላይ፣ ጸግዕተኛ ክትከውን ምድላይ ካብ ዝበልዐ ኣተሓሳስባ ዝብጽሕ እዩ። ሃብቲ ምምናይ ዝጸላኢ እኳ እንተ ዘይኮነ እቲ ዝበለጸ ነገር ግና ንባዕልኻ ከመይ ገይርካ ከም ትህብትም ምሕሳብ እዩ። ድሌታትና ከማልኣልና ዝኽእል ሰብ ስለ ዘየሎ፡ ዝደለናዮ ኣብ ግዜኡ ምስ ዘይንረኽቦ ድማ፡ ሓጎስና ይጎድልን ሰላምና ይዝረግ። ስለዚ ወላ ውሑድ ኣታዊ ዘለዎ ስራሕ ክንሰርሕ ዝበለጸ እዩ፡ መታን ሰላምን ቅሳነትን ኣእምሮና ከይዝረግ።

• **ነብስና ምንእኣስ፦** ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ እንጋዶ ጌጋ ኣሎ። እቲ ጌጋ ድማ ኣብ ኑብስና ዘለና ርእሰ ምትእምማን ኣጉዲሉ፡ ሓጎስና ይሰርቖ። እዚ ጌጋ ኣብ መጋዝናትን ኣብ ቲቪን ኣብ ዝዋዓር መወዓውዒታት እንርእዮን ጸቡቓት ደቂ ኣንስትዮ ርእና ከምኦን ክንኸውን ንጽዕርን ንደልን፡ ምኳን ምስ ኣበና ድማ ሕማቕ ስምዒት ይስምዓና። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት እንርእዮ ከም ናይ መወዳእታ መለክዒ ጽባቐ ገይርና ክንወስዶ የብልናን። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ድንቂ ብዝኾነ ኣፈጣጥራ እዩ ተፈጢሩ። ስለዚ ካብ ውድድር ወጺእና፡ ተፈጥሮ ብዝዓደለና መልክዕ ክንሕጎስን ክንኮርዕን እዩ ዝግባእ። ምኽንያቱ ውድድርን ኑብስኻ ዘይምምካል፡ ሓጎስና ካብ ዝሰርቕ ኩነት እዩ። ሕጉሳት ንኽንከውን ጸቡቓት ክንከውን ኣይተገድደን ዘድልየና። ጸቡቓት ንኽንከውን ሕጉሳት ምኳን እዩ ዘድልየና።

# ገዛእ ርእስና ንኽነመሓይሽ

ገዛእ ርእሱ ከመሓይሽ ዘይደልን ዘይብህግን ሰብ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ሃብታም ሰብ ዝያዳ ክህብትም፡ ምሁር ሰብ ዝያዳ ሊቃውንቲ ክውሰኽ ይደሊ። እቲ ምንታይ ድሌት ወዲ ሰብ ደረት የብሉን። ንሎሚ ምስዛ ዓምዲ ብምትሕሓዝ ደቂ-ኣንስትዮ ገዛእ ርእስና ከነመሓይሸሉ እንኽእል ነጥብታት ክንቐርብ ኢና፦

• "ኣብቲ ክንብሮ እኽእል'የ" ንበሎ ንላዕሊ ንሕሰምን ንተልምን፡ ካብ መዛኑናን መሓዙትናን በሊጽና እንተ ተረኣና ዘሰክፍ የብልናን። በሊጽና ምስ እንርኢ፡ ሰባት ካብና ዝመሃሩሉ ሓደ እወታዊ መገዲ እዩ። ደቂ ሰብ ሓደ ካብቲ ብተደጋጋሚ ንፍጽሞ ጌጋ፡ ንዕበዩትና ብመንጸር ኣዕሩኽትና፡ መሳርሕትና ወይ ኣብ ከባቢና ብዘርከቡ ሰባት ንልክዖ። እዚ ግን ቅኑዕ ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ ሓደ ትካል ትሰርሕ ክኢላ ጓል ኣንስተይቲ፡ ካብቲን መሳርሕታ ዝፍዕት ብምኳና፡ ተዛንያ ዝያዳ ብቐዓትን ሞያን ከተጥሪ ምስ ዘይትኽእል፡ ጸባሕ ካብኣ ዝበልጽ ሰብ ምስ ዝመጽእ ጸቡቕ ኣይኮነን። ስለዚ ዕድልን ግዜን ኣብ እንረኽበሉ ገዛእ ርእስና ከመሓይሽ ንጽዓት። ኣብቲ መሊኽናዮ ዘሎና ሞያ፡ ኣብ ዕለት ሓድሽ ምዕባለን ኣሰራርሓን ይምዝገብ ከም ዘሎ ክስተውዐል ይግባእ።

• ገዛእ ርእስና ከመሓይሽ ኣብ እንበገሰሉ ግዜ መጀመርታ ክንገብሮ ዘለና ነገር ኣተሓሳስባና ምቕያርን ንዝመጽእ ለውጢ ድሉዋት ምኳንን እዩ። ለውጢ ከላትና እንበህጋ ክዉንነት ከልበሳ ግና ዘይንተግሃ ብዙሕ እንምድረላ ኣርእስቲ እያ። ዘይልወጥ ነገር የልቦን። ኣተሓሳስባና ብምልዋጥ ንለውጢ ከቀላጥፎ ይከኣል እዩ። ሓሳብ ግን ወሲ'ዩ፡ ዝኾነ ነገር ቅድም ኣብ ሓሳብና'ዩ ዝፍጠር። ከምቲ ዝኾነ ተኸሊ ንኽብቁል ዘርኢ ዘድልዮ፡ ዝኾነ ዕዮ ክዕየ ድማ ሓሳብ ወሲ እዩ። ገዛእ ርእስና ንምምሕያሽ ድማ ኣተሓሳስባና ክንመራሪ የድልየና።

• ትዕቢተኛ ሰብ፡ ገዛእ ርእሱ ከመሓይሽ ጸቢብ ዕድል'ዩ ዘለዎ። ስለዚ ድማ'ዩ ትዕቢት ንውድቀት ትቕድማ ዝተባህለ። ትዕቢት ምስ ዝህልወና "ፈለጡ ኩሉ በጺሐዮ" ኢልና ስለ ንሓስብ ገዛእ ርእስና ምምሕያሽ ነቋርጽ። ስለዚ ብዝተኻእለ መጠን ትዕቢት ካብ ህይወትና ከወግድ ዝበለጸ እዩ።

• ገዛእ ርእስና ከመሓይሽ ግድን ኑብሰ ገምጋም ክንገብር ኣሎና። ንኽዉንነትና ምኽሓድ ክዘሎና እንተ ዘይኩይኑ ዝጠቕምና ኣይኮነን። ህኩያት እንተ ኼንና፡ ንትህኪትና ተቐቢልና ንምምሕያሹ ክንጽዕር ኣሎና። ሓሸሹቲ ርእዩ ዘይብልና፡ ሓመይቲ፡ እኩያት ወዘተ እንተ ኼንና እውን ንሱ ተቐቢልና ብኸመይ ከመሓይሾ ክንሓስብ ኣሎና። ድኹማትናን ምስ ፈለጥናን ተቐቢልናን ንኸነመሓይሾ ዘኽእለና ንያት ክንረክብ ንኽእል ኢና።

ስለዚ ገዛእ ርእስና ከመሓይሽ፡ እቲ ግዜ ሕጂ እዩ። ኑቶም "ኣይከኣልን እዩ ከምዝን ከምትን እንደዩ'ሞ ኹይኑ፡ ኣብ ካልእ ሰፍራ ክትከይድ ኣሎካ" እናበሉ ንስኑዓምና ክሓልኩ ዝፍትኑ ኣይንስምዖም። ከምቲ ሓደ ሰብ 'ኣብ ህይወት እቲ ዝበለጸ ሃብቲ ዕላማኻ ኣዕሪርካ ምፍላጥ እዩ። ዓወት ድማ ኣብ ምድሪ ባዕዲ ዘይኩነስ ኣብ ውሽጢ ልብኻ እያ ሰፊራ' ዝበሎ እናስተንተንና ዕዮና ንዕዮ። ገዛእ ርእስናን ከቢናን ክንልውጥ ንኽእል ኢና። ኣብ ዓለም ዘይከኣል ሓንቲ የልቦን። ብዝዕባ ውድቀት ምሕሳብ ንሕደግ። ነገራት ብኾምቲ እንደልዮ ምስ ዘይከዱ፡ ርእስና ኣቕኒዕና ንኹሩሉ። ግና ደጊምና ደጋጊምና ካብ ምፍታን ዓዲ ኣይንውዓል።"



# ሜላታት ኣተኣላልያ ማዳ

ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣብ ገጽና ማዳ ይወጽኣና እዩ። ብዙሕ ግዜ ቀልጢፉ ኣይከይድን ወይ ካብ ገጽና ምሉእ ብምሉእ ንኽእለ ንውሕ ዝበለ ግዜ ይወስድ። ንሎሚ ኣብ ገጽና ዝወጽእ ማዳ ብቐሊሉ ንምጽራይ ዝሕግዙና ሓሙሽተ ጠቓምቲ ኣገባባት ክንርኢ ኢና፦

1. ለሚን ብምጽማቕ ብልሰሉስ ጨርቂ ኣብቲ ዝጸለመ ክፍሊ ገጽ ምልካይ። ድሕሪ 10 ደቓይቕ ብዘሓሉ ማይ ምሕጻብ።

2. ህሩድ ምስ ጸባ ብምሕዋስ ናብ ምሉእ ገጽ ብምቕባእ፡ ቀስ ኣቢልካ ምድራዝ። ድሕሪ 20 ደቓይቕ ብማይ ምሕጻብ።

3. ማይ ብምፍላሕ፡ ገጽና ብልስሉስ ጨርቂ ሸፊንና በቲ ሃፋ ምጽላው (ሱቲም ምግባር)። ድሕሪ 10 ደቓይቕ ብዘሓሉ ማይ ምሕጻብ። እዚ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ወይ ክልተ ሳዕ ምስ እዝውትሮ እኹል እዩ።

4. ዘይቲ ኣውሊዕ (olive oil) ብምቕባእ፡ ኣብ ውዑይ ማይ ዝተኣልከ ጨርቂ ገጽና ምሽፋን። እቲ ማይ ገጽና ክዩቃጽለና ኣዝዩ ዝፈልሐ ክኸውን ግና የብሉን። እቲ ኣብ ውዑይ ማይ ዝተኣልከ ጨርቂ፡ ናይ ቁርበትና መናፈት ብምኽፋት ኑቲ ተለኺናዮ ዘለና ዘይቲ ናብ ውሽጢ ንኽኣቱ ይሕግዞ።

5. ዘኩኒ ብዘዋግእ ጸሚቑና ገጽና ንለኽዮ። ድሕሪ 30 ደቓይቕ ብዘሓሉ ማይ ንሓጽቦ።

## ጥቕስታት ገዛእ ርእስኻ ምምሕያሽ

• "ሕያዋይን ቅኑዕን ሰብ ምስ እትዕዘብ፡ ብኸመይ ንዕኡ ክትመስል ከም ትኽእል ሕሰብ። ዘይቅኑዕ ሰብ ምስ ትዕዘብ ድማ ብዛዕባ ድኽም ጉድንታትካ ኣሰላስል።" - **ኮንፈሽስ**

• "ትዕቢተኛ ሰብ፡ ኣብ ትሕተኡ ዝለዉ ሰባት ጥራይ'ዩ ዝጥምት። ግደ ሓቂ ኸኣ፡ ንታሕቲ ክሳብ ዝጠመትካ፡ ኑቲ ኣብ ልዕሌኻ ዘሎ ክትርኢ ዝከኣል ኣይኮነን።" - **ሲ.ኤስ ልዊስ**

• "ሓደ ሰብ እንተ ውሓደ፡ ኣብ መዓልቲ፡ ሓደት መዚቃ ክሰምዐ፡ ሓንቲ ግጥሚ ከንብብ፡ ግሩም ስእሊ ክዕዘብ፡ እንተ ተኻኢሉ ድማ ሓደትን ቅኑዕን ዘረባ ክዛረብ ይግባእ።" - **ጎቴ**

• "ሕልፈ ብጽሓትካ ጥበበኛ ምኳን ሓቀኛ ዕበዩት ኣይኮነን። ሓቀኛ ዕበዩት፡ ካብ ናይ ትማሊ እንታይነትካ በሊጽካ ምስ ትርከብ እዩ።" - **ኤርነስት ሄሚንግወይ**

• "እቶም ንኣተሓሳስባኦም ክቕይሩ ዘይክእሉ ሰባት፡ ዝኾነ ለውጢ ከምጽኡ ኣይክእሉን እዮም።" - **ጆርጅ በርናንድ ሾው**

• "ድኹምትትና ምስ ተቐቢልና፡ ክንጽኡ ንኽይድ።" - **ኣልበርት ኣይንስታይን**

• "መን ኢኻ? እንታይ ገይርካ? ካበይ መጺእካ? ብዘየገድስ ክትልወጥን ዝበለጸ ሰብ ክትከውንን ትኽእል ኢኻ።" - **ማዶና**

• "ኣብዚ ዓለም ከተመሓይሾ ትኽእል ርጉጽ ነገር ኣሎ። ንሱ ድማ ገዛእ ርእስኻ'ዩ።" - **ኣልዶስ ሃክስሊ**

• "ኦ ሰብ! ገዛእ-ርእስኻ ንምምሕያሽ ብዕዮ ተጸመድ። ሽዑ ንኻልኦት ንምንቃፍ ዝኸውን ግዜ ኣይክህልወካን እዩ።" - **ዘይተፈልጠ**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ተራብ |
| 14:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:25 | ህርመት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕነት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ኣቓልቦ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም ቀለቤት ልቢ |

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

## ንድፌ ህይወት

12 ክፋል

**“ቅድሚ ዝኾነ ነገር፡ ምድላው እቲ ቀንዲ መፍትሕ ዓወት እዩ።” - ኣሌክሳንደር ግራሃም በል**

**“ነፍሲ ወከፍ ሰኑምቲ ኣብ ሹቶኻ እንተጸኣሞ ሰለ ዘለዋ፡ ኒታ ክትቐጽል ምንቅስቓሱ ውጥን ኣውጽኣሉ።” - ሰተኒስ ሬትናር**

ምናልባት ዝተፈላለዩ ኣማራጺ ወጥናት ንዝተፈላለዩ ዓውድታት ህይወትካ የድልዩኻ ይኾኑ - ኣማራጺታት ንሞያ፡ ንፍቕሪ፡ ንጥዕና ወይ ንጸወታ። ዝበን ጭኤታታት ከተወሃህደን ከማን የድልየካ ይኸውን። እቲ እንኮ ግቡይ መንገዲ ዚ እትገብረሉ፡ ብሰሩ ዘይምስርሑ ጥራይ እዩ።

ብዘኾነ ኣጋጣሚ ዘለውና ኣማራጺታት ወጥናትና ክንሕተት ንኽእል ኢና። ኣብ ከምዚ ኩነታት ደንበርበር ክንብል ኩቶ ኣይግቡእን። ሰለስተ ክፋላት ናይ እንታይነትካ ምልላይ ዓቢ ረብሓ እዩ ዘለዎ። ብዚያዱ ኣብ ዝስዕብ መዓልቲ እንታይ ኪጋጠመካ ከም ዝኽእል ንጽል ቕሉዕ መልሲ ከም ዘይብልካ እዩ ዘርእየካ።

ኣየናይ ኣማራጺ ኣብ ጸጋታት፡ ተፈታውነት፡ ርእሰ ተኣማንነት ከምኡ’ውን ቅድወት ዚያዳ ደረጃ ከም ዝሕዝ ኣብ ግምት ኣእትዎ። ኣየናይ ክፋል ናትካ እዩ ጸቡቕ ሰሚዒት ወይ ረብሒ ዘፈጥረልካ? ኣየናይ ክፋልካ እዩ ንስምዒትካ ረሸሽ ዘብሎ?

እቲ ዝበለጸ መንገዲ ምስ ኣማራጺታትካ እትራኸበሉ፡ ምስ ናይ ልቢ ዓርኩ መሓዛትካ ክትካፈሎ እንክለኻ እዩ። እቶም ዓርኩመሓዛትካ ናትካ ጉጅለ ንድፌ ህይወት እንተኾኑ ይምረጽ።

እቲ ዝበለጸ መንገዲ መስርሕ ንድፌ ህይወት ኣዘናጋዕን ኣድማዕን ዝኾነሉ፡ ምስ ሰለስተ ክሳብ ሸዱሽተ ሰባት ዝሓቑፈት ጉጅለ ኴንካ እሂን ምሂን ክትብሃሃሉ እንከለኻ እዩ። ንንድፌ ህይወትካ በይንኻ ክትገብሮ ጸቡቕ እዩ፡ ምስ ጉጅለ ኴንካ ከተሰላስሎ ዚያዳ ኣድማዒ ዝኾነሉ እዋን ከም ዘሎ ክኣ ዘይምዘንጋዕ፡ ብጉጅለ ክትከውን እንከለኻ፡ ኣናትካ ንድፌ ህይወት እናሰራሕካ፡ ኣብ እተጸገምካሉ እዋን ካብ ደቂ ጉጅለኻ ሓገዝ ክትረክብ ዕድል ትረኽብ።

እዚ ብጉጅለ ንንድፌ ህይወትካ ምስራሕ፡ ካብቲ እትሓስቦ ንላዕሊ ዝቐለለ ኩይኑ ክጸንሓካ ይኽእል እዩ። እቲ ጉጅለ ብሰሩዕ ክትራኸብ እንተ ትኽእል ተመራጺ እዩ። ካብ ጉጅለ ንድፌ ህይወት ብሉጽ ግብረ መልስን ሓሳባትን ክንረክብ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

ጸቡቕ ሕቶታት ክቐርቡ ዝኽእሉ ሰባት ናብታ ጉጅለ ክትዕድም ትኽእል ኢኻ። ኣሰናዊ ኣቓፈታ ዝውርወሩን ዘይድሊ ምኽሪ ዝህቡን ሰባት ኣየድልዩኻን እዮም። እቲ ሕጋዊ ባይታ ንምስማዕ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፡

ኑቶም ሰሚዕትኻ ክትቕሩ ክየምግሙ ወይ ክመኽሩ ከም ዘይብሎም ንገሮም። ንሰኻ ንዓኣቶም ክቕበሉ፡ ከነጸብርቑን ከኩልሖን ጥራይ ኢኻ እትደልዮም። ብቐረባ ክትረኽቦም እትኽእል ክልተ ወይ ሓሙሽተ ሰባት ምረጽ።

እቶም ሰባት ኣብቲ ንሰኻ ንህይወትካ እትጎድፈሉ ብዝተወፋይነት ዝሕግዙኻ ክኾኑ ይኽእሉ።

ሕቶ ዝቐርበሉ ግዜ ምስ ኣኸለ፡ “ብዝዕባ... እስከ ዚያዳ ንገሩኒ?” ዝዓይነቱ ኣቀራርባ እንተኾነ ዚያዳ ተመራጺ ይኸውን። ካብ ሕቶን መልስን ንህይወትካ ክጠቕመካ ዝኽእል ገለ ሓድሽ ሓሳብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ንድፌ ህይወት ብዙሓት ምምንጫው ኣማራጺታት እኮ እዩ። ምልምማድ ንብርኽት ዝበሉ ህይወት ምንዳፍ፡ ናብ መጻኢ ግዜ ብጸቡቕ ክመርሓካ ዝሎ ዕድል ዝሰፍሐ እዩ ዝኸውን።

ንሰኻ ኑቲ ዝተረፈ ህይወትካ ኣይኮንካን እትጎድፎ ዘለኻ። ንናይ ቀረባ ግዜ ህይወትካ ኢኻ እትጎድፎ ዘለኻ። ነፍሲ ወከፍ ተኽእሎ ዘለዎ ዓይነት (version) ናትካ፡ ንዘይፍለጡን ሕድገታትን የጠቓልል። ነፍሲ ወከፎም ዘይልለዩን ዘይደይመደያውያንን ሳዕቤናት ኣለውዎም።

ኣብዚ ልምምድ ብርክት ዝበሉ መልሰታት ክትረክብ ኢኻ። ካብዚ መስርሕ ብኸመይ ንሕቶታት ትደህስሰን ትርዳእን ትፈልጥ። ብዙሓ ዝተፈላለዩ ተኽእሎታት ከኣ ህንጡይነት ይሓድሮ። ኣብ ውሽጥኻ ብርክት ዝበሉ ዓበይቲ ህይወት ከም ዘለዉ ኣይትዘንግዕ።

ንሰኻ እኮ ጭፍራ (legion) ኢኻ። ክንዲ ዝኾኑ ኣበየናይ ክፋልካ ዚያዳ ክትሰርሕ ከም ዘለካ ኣብ ምልላይ ንቑሕ ክትከውን ይግባእ። እቲ ውጥን ኣዚ ዝስዕብ ከጠቓልል ተመራጺ እዩ፡

1. ሰለስተ ኣማራጺታት ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ወጥናትካ ብጽሬት ኣብ ወረቐት ኣስፍሮ።

2. ንነፍሲ ወከፍ ኣማራጺታት ሓጺርቲ ኣርእስቲ ኣውጽኣሎም። ንነፍሲ ወከፍ ዓይነት ህይወትካ ዘኩልሑ ሰለስተ ሕቶታት ድማ ስረሖ።

3. ንነፍሲ ወከፍ መለክዒታት — ንነፍሲ ወከፍ ኣማራጺታት ንጸጋታት፡ ተፈታውነት፡ ርእሰ ተኣማንነት ከምኡ’ውን ቅድወት ምልኣዮ።

4. ንውጥንካ ንኻልኦት እትኣምኖ ሰብ ወይ ጉጅለ ኣርእዮም። ነፍሲ ወከፍ ኣማራጺ ክሳብ ክንደይ ከም ዘሐየለካ ከም ነጥቢ ብጥንቃቐ ሓዞ።

“ምህናጽ ምሕሳብ እዩ።” ክበሃል ብዙሕ ግዜ ይስማዕ እዩ። ካብኡ ናብኡ ኸኣ ኣብ መዳይ ንድፌ ህይወት እዩ ዝለዓል። እቲ ሓሳብ ምስ ዘዋገ ንተግባር (bias-to-action) ኣእምሮኣዊ ዝንባለ ምስ ዝተኣሳሰር፡ ብርክት ዝበሉ ህንጻታትን ሓሳባትን ትረኽቡ።



ንሰባት እንታይ ከም ዝሰርሑ ዘለው እንተ ሓቲትካዮም፡ ቀዳማይ ሞዴል (prototype) ይሃንጹ ከም ዘለዉ ክነግሩኻ ይኽእሉ እዮም። ንሳቶም ንሓድሽ ፍርያት ሓሳባት፡ ንሓድሽ ተጠቃሚ ተመኩሮታት ወይ ሓድሽ ኣገልግሎታት፡ … ቀዳማይ ሞዴል የውጽኡ ከህልዉ ይኽእሉ እዮም።

ዝኾነ ነገር ማለት ካብ ኣካላዊ ነገር ክሳብ ህዝባዊ ፖሊሲ ቀዳማይ ሞዴል ክወጽኦ ይኽእል እዩ። ቀዳማይ ሞዴል ምውጻእ ሓደ ካብ ኣካል ንድፋዊ ኣተሓሳስባ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ንድሕሪት ቁሩብ ምልስ ኢልካ፡ እቲ ‘ሰለምንታይ’ ናይ ቅድመ ሞዴል፡ ልክዕ ከምቲ ‘ብኸመይ’ ርዱእ ክኸውን ከም ዘለዎ ከረጋግጽ ይግባእ።

ንሓደ ግድል ክትፈትሕ እንከለኻ፡ ቡቲ ብዙሓ እቲ ግድል እትፈልጦ ኢኻ እትጅምር፡ እወ ቡቲ መረዳእታ (data) ኢኻ እትጅምር። ንኣየናይ እንታይ ጠንቂ ከም ዝኾነ ከምኡ’ውን ሓደ ካልእ ነገር ምስ ኣጋጠመ እንታይ ክስዕብ ከም ዝኽእል ንምፍላጥ እኹል መረዳእታ የድልየካ።

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኩይኑ፡ ንህይወትካ ንድፌ ከተውጽኣሉ እንከለኻ፡ እኹላት መረዳእታታት ኣብ ቀረባ ዘይክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብፍላይ ከኣ ብዙሓ መጻኢኻ ተኣማኒ መረዳእታ ዘይክትረክብ ትኽእል። እዚ ከምዚ ዓይነት ጋሕማጥ ጸገም ብምኽንያቱ፡ ያታዊ ጠንቅን ሳዕቤንን ኣተሓሳስባ ክፈትሖ ከም ዘይክእል ክትቕበሎ ይግባእ።

እቲ ጸቡቕ ዕድል፡ ነደፍቲ ብመንገዲ ቀዳማይ ሞዴል ኣቢሎም ምስ መጻኢ ግዜ ይተኣሳሰሩ ምኻኖም እዩ። ኣብ ኣተሓሳስባ ንድፌ ኑቲ ‘ቀዳማይ-ሞዴል’ ዝበል ኣምር ክንጥቀም እንከለና፡ እቲ መልሰኻ ቅኑዕ ብዝዕባ ምኻኑ ንምርግጋጽ ኣይኮነን። ወኽልና ናይ ምሉእ ንድፌ ንምፍጣር ከማን ኣይኮነን። ንሓደ ነገር ጥራይ ዝመልከት እውን ኣይኮነን (ነደፍቲ ብርክት ዝበሉ ቅድመ ሞዴላት እየም ዝሰርሑ — ሓንቲ ቅድመ ሞዴል ጥራይ ኩቶ ኣይሰርሑን እዮም)።

መንገዲ ንድፌ ህይወት ቀዳማይ-ሞዴል ምውጻእ፡ ብዙሓ ጸቡቕ ሕቶ ምጥያቕ፡ ንድጉል ዝዋገኑን ግምታትናን ምግላጽ፡ ብሕጽር ምኽንያት ከምኡ’ውን ኑቲ ክንፍትኖ እንደሊ መንገዲ ናህሪ ምውሳኽ እዩ። ቅደመ ሞዴላት ሕቶ ንምጥያቕን ገለ መረዳእታ ብዙሓ ንዓኻ ዘገድሰካን ኩይናም ክንደፉ ይግባእ።

ጸቡቓት ቅድመ ሞዴላት ንሓደ ሸነክ ጸገም ይንጽሉ ከምኡ’ውን ንገለ ዓይነት ተኽእሎ ኣጉዳሲ መጻኢ ዘለዎ ነገር ንኽትፍትኖን ንድፌ ተመኩሮ ይፈጥሩልካ። እዚ ድማ ንመጻኢ ግዜ ልክዕ ከምዛ ደሮ ኣብ ውሽጡ እትነብር ዘለኻ ገይርካ ኣብ ኣእምሮኻ ንኽትሰኽሎ የኽእለካ።

ምፍጣር ሓደሽቲ ተመኩሮታት ብመንገዲ ቅድመ ሞዴላት፡ መንገዲ ሓድሽ ሞያ እንታይ ስምዒት ከም ዝህብ ንኽትርዳእ ሰፊሕ ባብ የርሕወልካ። ቀዳማይ ሞዴል ምውጻእ ንኻልኦት ኣብ ጉዕዞ ንድፌ ህይወትካ ክሳተፉ ዝደልዩ ንኽጸንበሩኻ ይሕግዞ።

ቅድመ ሞዴላት፡ ዓበይቲ መንገዲታት ንምጅማር ዝርርብ እየም። ብዙሕ ግዜ ድማ ሓደ ካብቶም መንገድታት ናብ ካልእ ዝመርሑ ኩይኖም እየም ዝጸንሑ። ቅድመ ሞዴላት መብዝሕትኡ ግዜ ናብ ትጸብት ዘይግብረሎም ዕድላት ይልወጡ። እወ ዕድለኛታት ንኽንኸውን ይሕግዙና።

ኣብ መወዳእታ፡ ቅድመ ሞዴላት ልዕሊ ዓቕን ኣብ መንገድኻ ወፍሪ ቅድሚ ምክያድካን ዝኾነ መረዳእታ ቅድሚ ምርካብካን ብቐልጠፍ ንኽትፍትንን ክትፈሽለን የፍቅዱልካ። ኣብዚ መዳይ እቲ ፍልስፍና ንዝኾነ ዘይድሰካ ነገር ቅድመ ሞዴል ክተውጽኣሉ ኩሉ ሻብ ከም እትኽእል እዩ። እቲ ዝበለጸ መንገዲ እትብለሉ እምበኣር፡ ኑቶም ቅድመ ሞዴልካ ኣዝዮም ቀሊልቲ ከም ዝኾኑ ብምርግጋጽ እዩ። ንሓንቲ ጉዳይ ፈሊኻ ኑታ ሓንቲ ሕቶ ንምምላስ ቀዳማይ ሞዴል ክትነድፍ ከድልየካ እዩ።

ኑቲ ደሮ ዘሎካ ወይ ክትሓተሉ እትኽእል ተጠቐም። ብድሕሪ እዚ፡ ብቐልጠፍ ዳግም ንኽትገልጾ ተዳሎ። ቀዳማይ ሞዴል ናይ ሓሳብ ፈተነ ከም ዘይኩነ ድማ ኣይትዘንግዕ። ግድን ኣካላዊ ፈተነ ኣብ እዛ ዓለም ክትትት ኣሎም። እቲ ጸቡቕ ውሳነ ንኽትወስድ ዝሕግዝ መረዳእታ (data)፡ ኣብ እቲ ክዉን ዓለም እዩ ዝርከብ። ቀዳማይ ሞዴል ምውጻእ ከኣ ነዛ ዓለም ኣብ ምጥጣም ከምኡ’ውን ኑቲ ንሰኻ እትደልዮ መረዳእታ ንቕድሚት ኣብ ምድፋእ እቲ ዝበለጸ መንገዲ እዩ።

ቀዳማይ ሞዴል ምውጻእ፡ ብዙሓ ህንጻት ምድንጋጽን ምርድዳእን እውን እዩ። ኣብ መስርሕ ምውጻእ ቀዳማይ ሞዴልና - ምትሕግጋዝ ምስ ካልኦት ሓብርካ ምስራሕ፡ … ዝጠልብ እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ብህይወት ዘሎ ሰብ፡ ኣብ ጉዕዞ እዩ ዝርከብ። ናትካ ቀዳማይ ሞዴል ድማ ምስ ናይ ካልኦት ሰባት ቀዳማይ ሞዴል ጉፍ ንገፍ ክራኸብ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ምርኻብ ኑቲ ናትም ንድፍታት ህይወት ይጋልሆ። ካብዚ ንገዛእ ህይወትካ ዝጠቅም ሓሳብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ክንዲ ዝኾኑ ቀዳማይ ሞዴል እተውጽእ - ጸቡቕ ሕቶ ንኽትጥይቕ፡ ተመኩሮታት ክትፈጥር፡ ንግምታትካ ከተማህድ፡ ቀልጢፍካ ክትፈሽል፡ ንቕድሚት ክትወድቕ፡ ንመጻኢ ክትጸናጸን፡ ንገዛእ ርእሰኻን ንኻልኦትን ክትርህርህ … እዩ። ክትፈሽል ክበሃል እንከሎ፡ ብኡ ገይርካ ክትዓርብ ከም ዘለካ ከስምዕ የብሉን። ካብ ተመኩሮኻ ተማሂርካ፡ ንዝበለጸ ዓወት ሰንኻ ነኺስካ ምትንሳእ እዩ ዝመልከት።

ሓንሳእ ዝ ከም እንኮ መንገዲ ኑቲ ዘድልየካ መረዳእታ እትረኽበሉ ገይርካ እንተ ደኣ ተቐቢልካዮ፡ ቀዳማይ ሞዴል ምውጻእ ሓደ ክፋል መስርሕ ንድፌ ህይወትካ ኩይኑ እዩ ዝቕጽል። ቀዳማይ ሞዴል ምውጻእ ጸቡቕ ሓሳብ ምኻኑ ሓቂ እዩ። ብመንጽሩ፡ ቀዳማይ ሞዴል ዘይምውጻእ ሕማቕን ክቡር ዋጋ ዝሓትትን ምኻኑ እውን ብምዕሪ ሓቂ እዩ።

ዋላ ሸሕ ግዜ ተሃወኽ፡ ንሓሳባት ህይወትካ ቀዳማይ ሞዴል ክትሰርዓሉ ተመራጺ እዩ። ዝበለጸ ንድፌ ምስ ረኺቡ፡ ብዙሕ ካብ ግዜኻ ክትቀጥብን ካብ ማእለያ ዘይብሎም ጸገማት ክትናገፍን ኢኻ።

ሓንሳእ ንገዛእ ርእሰኻ ምስ ቀዳማይ ሞዴል ንድፌ ህይወት ምስ ኣተኣሳሰርካዮ፡ ብኸመይ ኢኻ እትቕጽሎ? እቲ ዝቐለለ መንገዲ ቀዳማይ ሞዴል ምውጻእ፡ ዝርርብ እዩ። ሓደ ካብ ዝርርብ ቀዳማይ ሞዴል ምውጻእ ከኣ፡ ቃለ መሕተት ንድፌ ህይወት ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ቃለ መሕተት ንድፌ ህይወት እምብዛ ቀሊል እዩ። በቃ ናይ ሓደ ሰብ ዛንታ ምርካብ ማለት እንደኣሉ። ብርግጽ፡ እዚ ዝኾነ ሰብ ዝኽእሎ እዩ ማለት ኣይኮነን። ናይ ዝኾነ ሰብ ዛንታ እውን ዚ ምድብ ይምጥን እዩ ከስምዕ የብሉን።

ንሰኻ ምስቲ ንሰኻ ከተቕርቦ እትደሊ ሕቶ ዝተኣሳሰር ትምህርቲ ወይ ጸቡቕ ተመኩሮ ዘለዎ ሰብ ኢኻ ክትዛረረብ እትደሊ። እቲ እትደልዮ ዘለኻ ዛንታ፡ እቲ ውልቃዊ ዛንታ እቲ ሰብ ኑቲ ትምህርቱ ወይ ተመኩሮኡ ዝቐሰመሉ ክኸውን እንክሎ እዩ ዝምረጽ። ኑቲ ንሰኻ ሓንቲ መዓልቲ ክትሰርሖ እትብህጎ ወዮ ምህሮ ወይ ወዮ ምኩር ብኸመይ ከም ዝዕመሞ ክሃገረካ ድሌት ክህልወካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ርእሲ እቲ ንሰኻ ኑቶም ሰባት ብዛዕባ ህይወቶምን ስራሖምን እትሓቶም፡ ብኸመይ ኣብዚ ሕጂ ዘለውዎ ደረጃ ክበጽሑ ከም ዝኸኣሉ ክትሓቶም ከማን ድላይ ክህልወካ ይኽእል እዩ። ጉዕዞ ሞያኦም ከመይ ከም ዝመሰለ ዚያዳ ከሀንጥየካ እኮ ይኽእል እዩ።

ብዙሓት ሰባት ዝረኽቡ፡ ሕጽረት ክእለት ስለ ዘለዎም ዘይኮኑ፡ ሕጽረት ሰኣል ኣእምሮ ስለ ዘለዎም እዮም። ብዙሓ እዚ ሓበሬታ፡ ምስ ሓደ ሰብ ኮፍ ኢልካ ንዝንታኡ ብምስማዕ ብዙሕ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። እዚ እዩ እምበኣር፡ ቃለ መሕተት ንድፌ ህይወት ዝበሃል።

**“እቲ ኣንፈቱ ዘይወጠነ ሰብ፡ ጸገም ኣብ ኣፍደገ ገዛኡ ይጸንሖ።” - ኮንፈሽየስ**

**“እቶም ሎሚ እንጽልልሎም ዘለና ዳዕሮታት፡**
**ቀደም ካልኦት ሰባት ሳዕ ዝተኸሉዎም ምኻኑ ኣይንዝንግዕ።”- ዋረን ባፌት**

**ይቕጽል**

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ብቑዕን ኣፍራዩን ዜጋ፡ ውጽኢት ሓያል ጻዕሪ እዩ!



ቈልዓ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ከም ሃብትን ጸጋን ሃገር፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ከም ተኻእን ተረካቢ ወለዶን እዩ ዝሕሰብ፡ ስለዝኾነ'ዩ ከኣ ኣብ ኣተኣላልያን ኣኩሳኽሳን ቈልዑ፡ ካብ ግዜ ህጻንነቱ ክትግበር ዘለዎ ጻዕሪ ተገሊጹ ከይሕለፍ ብማለት 'ቈልዓ ብንኡሱ ቁርበት ብርሑሱ' ዝብል ተዘኮርን መዛርን ምስሊ ዝተመሰሉ፡፡

ቈልዓ ክበሃል ከሎ መቸም ጻዕዳ ወረቐት ማለት'ዩ፡፡ ዝ. ጻዕዳ ወረቐት'ዚ ናይ ምምላእ ተራ ወይ ሓላፍነት ዝስከሙ ከኣ ቀዳምነት ወለዱ፡ ካብኡ ቀጺሎም'ውን ጎረቤቲ፡ ቤት-ሰብ፡ መምህራን፡ ከም፡ ሕብረተሰብ፡ ወዘተ እዮም፡፡ በዚ ኢና እምበኣር ቈልዓ ውጽኢት ወለዱን ከባቢኡን እዩ ንብል፡፡ እዚ ከም ጻዕዳ ወረቐት ዝተመሰለ ቈልዓ ግን ብእወታዊ ኣተሓሳስባታትን ተግባራትን ደዩ ክምላእ ወይስ ብኣንጻሩ ምርጫ ናይ'ዞም ዝተጠቕሱ ኣካላት ይኸውን፡፡ ኑቲ ውላዱ ወይ'ውን ወሉድ ሕብረተሰቡ ዝኾነ ህጻን ብኣሉታዊ ነገራት ክመልእ ምርጫኡ ዝዑበር ኣካል ከምዝየለ መቸም ርዱእ'ዩ፡፡ እንተኾነ ግን ኣብ ህይወት ማዕረ ማዕረ እቶም ተረዲእናን ኣሚንናሎምን ምርጫና እንዑብርም ነገራት፡ ከይተረድኣናን ብዘይምስትውዓልን ምርጫና እንዑብርም ግን ከኣ ሕማቕ ሳዕቤን ዘስዕቡ ምርጫታት ከምዘለዉ ዘይምዘንጋዑ፡፡

ሓደ እዋን ሓደ ኣብ ሓምሳታት ዝርከብ ኣቦ ኣብ ማእከል ናይ ህዝቢ ኣውቶቡስ፡ "እዚ ርጉም ወላዲ ማይ'ምበር ኣዕሚኹኒ፡ ተጠንቂቑ ከምዝዕብኹን ከምዝምህርኩን..." እናበለ ይራገም ነበረ፡፡ ብስርቅን ምትላልን ብበዝን ተኸሲሱ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ብዙሓ ዝበረ ወዱ'ዩ ዘጽርጽር ዝነበረ፡፡ ድሓር ግን ሓደ ሽምግል ዝበሉ ኣቦ "ንቈልዓ እታ ክኸደላ ዘለዎ መንገዲ ኣርእዮ'ሞ ምስ ዓበየ ካብኣ ኣይክልግሰን'ዩ" ዝብል ጥቕሲ ብምልዓል ንወላዱ ብሽመይ ከምዝበየ ሕሉፉ ክፍትሽ ልቦና ብዘመልእ ኣገባብ ኣዘኻኺሮም፡፡

መን ይፈልጥ እዚ ወላዲ፡ ኣብ ግዜ ቈልዕነቱ ብዙሕ ሳዕቤን ዝፈጥር ዘይመስል ተግባራት ከም፡ ንወለዲ ከየፍቀድካ መዝቢ ምብላዕ ሰናቲምን ካልእ ድቐቕ ዝበሉ ነገራትን ምውሳድ ዝለመደ ይኸውን'ሞ ከምኡ ኣብ ዝዑበረሉ እዋናት ከኣ ብወለዱ (ከም'ቲ ዝተባህለ ንግዜኡ ዓቢ ክሳራ ዘውርድ ተግባር ስለዘይኮነ) ዓዙብ ደብዛል ዘይነበረ ይኸውን፡፡

ሓደ ንበዙሓት ተመራመርቲን ክኢላታን ስነ-ሕብረተሰብ ዘዛረበ "ተፈጥሮዶ ኣተዓባብያ" (Nature or Nurture) ኣየናይ'ዩ ንናይ ሓደ ቈልዓ መንነት ዝሰርሖ ንዝብል ሓሳብ እስከ ንመልከት፡፡ እዚ ኣርእስቲ መቓቓልን ኣካታዕን ኪኸውን ይኽእል'ዩ፡፡ ብመሰረት መጽናዕቲ ብዙሓት ተመራመርቲ፡ ተፈጥሮ ኣገዳሲ ተራ ከምዘለዎ እኳ እንተተኣመነሉ፡ ኣተዓባብያ ግን ዝዓበየ ቦታ ይሕዝ፡፡ እዚም ኣተዓባብያ'ዩ ንናይ ሓደ ቈልዓ መንነት ዝሰርሖ ዝበሉ ተመራመርቲ፡ ርእይቶኦም ንምድራዕ፡ ሓደ ህጻን ውሉድ ምስ በለ ምስ ዝኾነ ካልእ ሰብ ክየራኽቦን ምስ ከባቢኡ ንኽላለ ዕድል ከይሃብካን ከምዝዓቢ እንተዘዋህቢ'ሞ ክንዲ ሰብ ምስ ኣኽለ ናብ ማእከል ሕብረተሰብ እንተተጸምበረ፡ ምስ ሰባት ክዛረብ፡ ክረድኦ ዘይክእልን ጠቕላሉ ስነ-ምግባርን ኣካይዳን ዘይፈልጥ ጓና ምኻኑ ብምግላጽ፡ ናይ ሓደ ሰብ መንነትን ባህርን ብኣተዓባብያኡን ከባቢኡን'ምበር ብተፈጥሮ ዝስራሕ ከምዘይኮነ ከረድኡ ይፍትኑ፡፡ ብዙሓት ክኢላታት ስነ-ሕብረተሰብ ኣብዚ ሓቂ ይሰማምዑ፡፡

እዚ ሓሳብ ኑቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮን መላእ ሕብረተሰብና ዝኣምኖን ኩይኑ፡ ቈልዓ ጻዕዳ ወረቐት'ዩ ዝብል ኣበሃህላ ዘደግፍ'ዩ፡፡ ኣብዚ ክንእርም ዘሎና ካልእ ኣበሃህላ'ውን ኣሎ፡፡ ከም ወላዲ ከይትንቀፍን ምኽንያት ሕማቕ ኣመልን ባህርን ውላድካ ንሸኻ ምኽንካ ክትእመን ካብ ዘይምድላይን ዝተላዕለ'ዩ መስለኒ "ፈጣሪ ባዕሉ ቀጺዑ ይሃብካ" ዝብል'ዩ፡፡ እዚ ፍጹም ቅቡል ኣይኮነን፡፡ እቲ ዋላ ሓንቲ ጸቡቕን ክፉእን ከይፈለጠ፡ ኣካሉ ጥራይ ዘይኮነ ኣእምሮኡ'ውን ጥሪዱ ዝመጽኣካ ውላድ፡ እቲ ዝደለ ስርዓት ከተትሕዞ ተፈጥሮ ባዕሉ'ውን ዓቢ ሓላፍነትን ዕድልን ፈጢሩልካ'ዩ፡፡ ዝ. ብምርዳእ እዮም ቀዳሞት ወለዲ "ቈልዓ ብንኡሱ ቁርበት ብርሑሱ" ዝበሉ፡፡ እዚ ስዒም ኣበሃህላ ብዕምቆት እንተደኣ ኣስተንቲንናዮ፡ ደቅና መጻኢ እንታይ ወፍሪ ንዑብረሎም ዓቢ ርድኢት ክህበና ዝኽእል እዩ፡፡

ቁርበት ናብቲ ደሊኻዮ ዘሎኻ መዓላ ንኽትውዕሎ ምእንቲ፡ ገና ብርሕስቲ ከላ እንተዘይ ዘርጊሕካያን ኣልፊዕካ እንተዘይ ኣለሳሲስካያ፡ ደሓር ምስ ደረቐት ክትዑብሮ እትኽእል ነገር የሎን፡፡ ስለዝኾነ እታ ብዙሕ ኣገልግሎት ክትህብ ትኽእል ዝነበረት ቁርበት፡ ኣብቲ ዘድልያ እዋን ዘድልያ ወፍሪ ስለዘይተገበረላ ተኸሲራ'ያ ትተርፍ፡፡ ቈልዓ'ውን ልክዕ ከምኡ፡ ገና ብግዜ ንእስኡ እንተ ዘይሃጸኻዮን እንተ ዘይኣስተኩሶኻዮን ጸገሕ ንግሆ ዓብዩ፡ ዕብየት ሃገሩን ሕብረተሰቡን ክንዲ ዘውሕስ፡ ተኸሲሩ'ዩ ዝተርፍ፡፡ ምኽንያቱ ሓደ ኪጋገ ኩሉ ብወለዱን ከባቢኡን ዓዙብ ዘይብዝሎን ዘይእረምን ቈልዑ፡ ምስ ዓበየ ገበን ፈጺሙ ዓዙብ ዝብል ሕጊ ዘሎ ኣይመስለን'ዩ፡፡ ደቂቕ ወይ ንእሹቶ ዝመስል ተግባራት ብዘይፍቓድ ወለዱ (ሕርኻም፡ ሓምሳ ሳንቲም) ምልዓል ዝለመደ ቈልዑ፡ ጸገሕ ንግሆ ካብ ጃፍን ገዘን ካልኣት ምዝማት ኣይክብዶን፡፡ እቲ ዘሕዝን ውላድካ ክንዲ ሰብ ኣኺሉ ኣብ ከምዚ ተግባራት ምስ ተዋፈረ፡ ክትመልሶን ክትእርሞን ዳርጋ ዘይከኣል ምኻኑ'ዩ፡፡ ስለ'ዚ'ዩ እምበኣር፡ ከምቲ ኑታ ቁርበት ገና ርሕስቲ ከላ ዘድልያ ብምግባር ጸገሕ ንግሆ ተጠቃሚ ናይ'ቲ ንሳ እትህቦ ኣገልግሎት ክትከውን እትኽእል፡ ንቈልዓ'ውን ጸገሕ ንግሆ ሕብረተሰቡን ሃገሩን ብዓብኡ ከኣ ንዑብሱ ዘጠቕም ምእንቲ ኪኸውን'ዩ ብህጻኑ ዘድልዮ ከስኩሳን ክንክብን ብምግባር ብስነ-ምግባር ምህናጹ ዘድሊ፡፡

ዘለናዮ ዘመን ዘመነ ቴክኖሎጂ እዩ፡፡ ቴክኖሎጂ ብፍላይ ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ምንኮር ክቐልልን ስራሕ፡ ትምህርቲ ኮነ ካልእ ንጠፈታት ክሰልጥን ዓቢ ኣበርክቶ ተጻዊቱ'ዩ፡፡ ኣበርክቶ ቴክኖሎጂ ግን እወታዊ ጥራይ ኣይኮነን፡ ኣገዳሲ ኣዕናውን ኣልማዕን ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤናት'ውን ኣኸቲሉን ገና የኸትልን ኣሎ፡፡ ኑቲ እወታዊ ሸነኻት ቴክኖሎጂ ከም ርዱእ ወሲድና ብዛዕባ'ቲ ኣሉታዊ ሸነኻት እስኪ ንዛረብ፡፡ ክንደይ ቈልዑ'ዮም ሞባይላትን ታብለታትን ሒዞም ንዊሕ ሰዓታት ምስ ጌይም ዝውዕሉ? እዚ ኣብ ጥዕና ኣዒንትን ኣካላትን ህጻናት ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ቀሊል ኣብ ርእሲ ዘይምኻኑ፡ ሕማቕ ወልፊ'ውን ዘትሕዝ'ዩ፡፡ ኣብዚ ግዜ ወልፊ ማሕበራዊ ሚድያ ካብ ወልፊ ዕጹ-ፋርስ ፈሊኻ ኣብ ዘይረኣየሉ ደረጃ'ዩ ተበጺሑ ዘሎ፡፡ ብተወሳኺ እቲ ቈልዑ ብብዝሒ ዝጻወትዎ ዓይነት ጌይማት፡ ብሸጉጥ ምትኳስ ከምኡ ድማ ጭኡስን ቅትለትን ዝዓብለሎ እዩ፡፡ እዚ ኸኣ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ጎድኣዊ ዝኾነ ባህሪ ንኸጥዕብሉ ዓቢ ተራ ይጻወት፡፡ እቲ ዘሕዝን ብዙሓት ወለዲ ደቆም ሞባይል ወይ ታብለት ኣብ ዝሕዙሉ እዋን ስለዘይርገጹ ጥራይ ዝ. ተግባር ዘይቃወምዎ ምኻኖም'ዩ፡፡

እዚ ናይ ቴክኖሎጂ ኣሉታዊ ጽልዋ፡ ክልተ ዓበይቲ ፅንወታት ከስዕብ ይኽእል፡፡ ብመጀመርያ ቈልዑ ዝበዝሐ ክፋል ግዜኦም ኣብ ምስ ወለዶምን ካልኣት ሰባትን ምስ ሞባይል፡ ታብለትን ቴለቪዥንን ከሕልፍዎ ስለዝመርጹ፡ እቲ ናይ ምብህሃል መኣዲ ዳርጋ ኣይህሉን፡ ከም ውጽኢቱ ቈልዑ ብዛዕባ ክብርታት ሕብረተሰቦምን ስነ-ምግባርን ውሑድ ኣፍልጦ ይህልዎም፡፡ እቲ ካልኣይን ዝኸፍኣን ፅንወት ከኣ፡ ቈልዑ ወርቃዊ ግዜኦም ይኸስሩ፡ ኣብ ትምህርቶም ይድኽሙ፡ ወልፊ ማሕበራዊ ሚድያ የጥርዩን ሓሸሽቲ ናይ'ቲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝሕንገድ ዝተፈላለየ ኣጺያፍን ኣዕናውን ቀረባት ናይ ምኻን ዝዓበየ ተኽእሎ ይህልዎም፡፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ከፍርዩ ዘይክእሉን ተጸባይትን ይኾኑ፡፡

ዝገርም'ዩ እዚ ንስራሕ፡ ትምህርቲ፡ ብዓብኡ'ውን ንህይወት ኣቕሊልዋ ብምባል ዝገለጽናዮ ቴክኖሎጂ፡ ከም'ዚ ዝበለ ፅንወት'ውን ከኸትል ይኽእል ማለት'ዩ፡፡ እሞ ንደቅና ካብ ቴክኖሎጂዶ ነርሕቆም? ኣይፋሉን፡፡ እቲ ዘድልየስ ግቡእ ኣልያን ክትትልን ብምግባር ደቅና እወታዊ ጥቕሚ ቴክኖሎጂ ይረኽቡ ከምዘለዉ እናረጋገጽና፡ ኣሉታዊ ሸነኻቱ ከይስዕርም ምጽዓት'ዩ፡፡ ምኽንያቱ ዘለናዮ ዘመን ዘመነ ሓበሬታ'ዩ ሓበሬታ ከኣ ብመንገዲ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ'ዩ ዝርከብ፡፡ ስለ'ዚ ደቅና ምሉእ ሓበሬታ ዝሰኣቑን ብፍልጠት ዝተመልኡን ክንዑብርዎም እንተደኣ ኢልና፡ ምስ ቴክኖሎጂ ክሳላዮም ኣገዳሲ ይኸውን፡፡ እዚ ወጽኢታዊ ዝኸውን ግን ደቅና ዝበዝሐ እዋን ንቴክኖሎጂ ንንዑብን ምርምርን ዘውሓደ እዋን ከኣ ንምዝንጋዕ ምስ ዝጥቀሙሉ'ዩ፡፡

ኣብ'ዚ ምዝንጋዕ ዝብል ነጥቢ ሕጂ'ውን ወለዲ ክንክቦሉን ክንርድኦን ዘድልየና ነገር ኣሎ፡፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንምዝንጋዕ ተባሂሉ ዝቐርብ ፊልምታት ኮነ ናይ ቪድዮ ጸወታታት ኩሉ ንደቅና የድሊ ማለት ኣይኮነን፡፡ ደቅና እንታይ ዓይነት ፊልም ብምርኣይ ይዛናግዑ ኣለዉ? እንታይ ዓይነት ናይ ቪድዮ ጸወታታት ይጻወቱ ኣለዉ፡ ቅትለትን ጎሃጽን ዝመልኦዶ ወይስ ሓንጎሎም ዘስፍሕ እናተዘናግዑ ዝመሃሩሉ ከም ግድላት ምፍታሕን ጋዝላትን? እናበልና ክንከታተሎም ይግባእ፡፡ ወለዲ ኣዚ ዝተባህለ ብምልኣት እንተ ኣተግቢረሞ ጥራይ'ዩ ኣሉታዊ ጽልዋ ቴክኖሎጂ ኣብ'ዞም ናይ ሎሚ ዕንቡባ ናይ ጽባሕ ፍረ ዝኾኑ ደቅና ሰፊሩ ዘይህልዎ፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ እቲ እንሕብሉ ኤርትራዊ ወለዶ ወይ መንነት ቀጻልነቱ ብደቅና ከምዝውሓስ ተረዲእና፡ ሎሚ ከም ወለዲ፡ ከም ሕብረተሰብን ሃገርን ብኸለንትናኦም ብቑዓትን ኣፍረይትን ቈልዑ ንምፍራይ ጻዕርና ነሐይልን መብጽዓና ነሐድስን፡፡

ኣርን ሃብተሚካኤል
ጨ/ድ/ቈልዑን ስድራቤትን



# ምልከታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ሚኪኤለን የሴፍ ተስፋይ፡ ኣደይ ጸገወይኒ ጉብረእየሱስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ርዝና ጉብረትንሳኤ ወልደሰላሴ፡ ተኸሳሲ ድብርም ጉብረሚካኤል ዑቕባይ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጥ፡፡

ኣቶ ዳኒኤል ደገል ምለሲ፡ ኣሞይ ዘውዲ ተወልደብርሃን መሓሪ ስለዝዋረፈት፡ ዝሓደገትሉይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ብስራት ኣብርሃም ሃብተማርያም፡ ሓወቦይ ሰመረ ሃብተማርያም ዑቕባልደት ስለዝዋረፈ፡ ዝሓደገሉይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣዛሬል ተወልደ ሓጎስ፡ ኣዴና ኣረጋሽ የውሃንስ በይን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ከሳሲት ወ/ሮ ሃገራዊት ተወልደብርሃን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዳዊት ብርሃ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ከሳሲት ወ/ሮ ዘቢብ ገለ ሃብታይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፊልሞን ኣኽሊሉ በሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ኣጽብሃ ተማሰገኑ፡ ተኸሰስቲ ወረስቲ ነፍ/ደሕደን ኣርኣያ ናይ ገዝዘብ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየኾንምሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጡ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ሰናይት ማሪቆስ ወልደጉብርኤል፡ ኣዴና መድህን በርሀ ሃይለሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1መዋቲት ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሸማግለ

ወ/ሮ ቅዱሳን ጉብረታትዮስ ተኸለሰንበት፡ በዓልቤተይ ሃለቃ ጉብረየውሃንስ ምሕጹን ጉብረምካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሓውሻ

ኣቶ ኪዳን ተኸለ ቦኽሩ፡ ኣደይ ሮማ ኣብርሃም ካሳ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሓውሲ ከተማ ቅናፍና

ህጻን ናእሚ ተስፋልደት ምስየኔ፡ ብሞግዚት ወ/ሮ ኣኸዘ ኣብርሃ ሰንጋል፡ ኣቦይ ተስፋልደት ምስየና በራኺ ስለዝዋረፈ፡ ኣደይ ቅሳት ኀይትኦም ባህታ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ጺጋይ ተኸለም ዓንደማርያም ምባል ተሪፉ፡ ጺጋይ ተኸሉ ዓንደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲ ኣቶ መልኣከ ጉብረሰላሰ ክፍሉ፡ ተኸሳሲት በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሳባ ኢየናኣለም መዲን፡ ጥፍኣቲ ተባሂላ ብጋዜጣ ይተኣወጀለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/3/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሊባን

ከሳሲት ወ/ሮ ሰምሃር ተስፉ ተወልደ፡ ወኪል ኣቶ ሙሴ እምባዩ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፉሂወት ኣርኣያ ሃብተማርያም፡ ንጹር ኣድራሻኡ ስለዘይተፈለየ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ይጸዋዓለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ 02 ባጽዕ

ከሳሲ መም. ክፍለ ጉብረእግዚኣብሄር ኣብራሃ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሓሲና ፊረጅ ዓሊ፡ ካብ ተኸሳሲት ዝዓደንዎ ናይ ኤሌክትሪክ ሳይክል፡ ቁጽሪ ቻሲ. 20912191102052፡ ናብ ስመይ ከየመሓላለፈትለይ ብኣድራሻኣ ክረኽብ ስለዘይከኣልኩ ትጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጢ፡፡

ወ/ሮ ክብራ ካሕሳይ ባይሩ፡ በዓልቤተይ ሓጎስ ኣረጋይ ወልደሃንስ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ከሳሲት ወ/ሮ ሃና በርሀ፡ ተኸሰስቲ ወረስቲ ነፍ/ ሳራ ፊደል 1.ወ/ሮ ምንያ ደብሳይ 2.የውሃንስ ደብሳይ 3.ቢንያም ደብሳይ ንናይ ኣዴኹም ነፍ/ሄር ሳራ ፊደል ዝምልከት ሲቪላዊ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጡ፡፡

### ምስጋና




ብሞት እነፍቅሮ ክቡር ኣቦና ሃለቃ ተኽላይ ጉብረስላሴ፡ ኣብ ጊዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩም፡ ምስ ዓረፈ ድማ ወሉደ ክህነት ቅዱስ ጊዮርጊስ ዓዲ ጉብራይ ካብ ዝተፈላለየ ዓድታት ዝመጻእኩም፡ መሳቕልቲ ሓዘኑም ዝበርኩምልና ጸሎት ፍትሓት፡ ካብ ዝተፈላለየ ዓድታትን ከተማን ተረኺብኩም ኣብ ዓዲ ጉብራይ ዘቓበርኩምና ከምኡ'ውን ካብ ደገ ተሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ደቁ ዓንዳኪኤል፡ ኣስመረት፡ ሙሴ፡ ሳሙኤል፡ እየሩሳሌም
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ብስራት ንማእከላይ ደረጃ ተማሃሮ

100% SUCCESS

ዘርእስታ መጽሓፍ




መወከሲ ንተማሃሮ 6ይ፡ 7ይ፡ 8ይ ክፍሊ ኣብ ዓይነት ትምህርቲ
>እንግሊዝኛ
>ቁጽሪ
>ስነ ፍልጠት
>ማ/ትምህርቲ

ንዝበለጸ ዓወት መጽሓፍ "100% Success" ይኹን ምርጫኹም

ናይ 10 ዓመት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ምስ ምሉእ ኣሰራርሕኡ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ቴሌ. 07151337 ወይ 07152627 ተወከሉ

EGYPTAIR

A STAR ALLIANCE MEMBER

**Employment Advertising for the position of Chief Accountant**

**Responsibilities and duties**

- Posting all passengers, freight, excess baggage, mail and other revenues to the accounting system.
- Check and verify accuracy of cash deposits against sales report.
- Keep all supporting documents of sales property.
- Keep all payment documents along supporting documents property.
- Complies and reconciles the Airlines budget. (OR petty cash in case of Branch office).
- Plans and executes the most effective utilization the company's funds/petty cash.
- Process and prepare all salary deductions and other salary benefits monthly in payroll program and submit to the management.
- Prepares monthly Financial Report as per the company procedure.
- Established and operates bank accounts, subject to the approval of the Airlines Management and as per the local government policies.
- Evaluates all insurance requirements of the company and ascertain that all necessary coverage is secured (with the insurance company in Eritrea) to the best advantage of the Airline.

**Qualification Requirements and Experiences**

Minimum Requirements

- Diploma in Accounting
- Knowledge of IFRS and Eritrea taxation rules.
- Excellent English Communication skills (both written and verbal) & Arabic language is an advantage.
- Good knowledge of MS office and advanced excel skill
- Minimum 3 years experience
- Experience in aviation industry is an advantage.

All applicants must provide evidence of completion or exemption from national service.

Interested candidates should submit their application with their personal resume within 10 working days of this announcement.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ








16TH EURO FILM FESTIVAL ASMARA 2023 || CINEMA ROMA FREE ENTRANCE



# VACANCY NOTICE NO. 2023/02

The United Nations Children's Fund (UNICEF) in Eritrea is inviting applications from suitably qualified applicants for the post of **Vaccines, Cold Chain, and logistics Management (VCLM) Consultancy, Asmara-Eritrea.**

TYPE OF APPOINTMENT: **Consultancy**

DURATION: **10 months**

UNICEF works in some of the world's toughest places, to reach the world's most disadvantaged children. To save their lives. To defend their rights. To help them fulfill their potential. Across 190 countries and territories, we work for every child, everywhere, every day, to build a better world for everyone. **And we never give up!**

**For every child, PASSION!**

Eritrea has sustained high routine immunization coverage for the last 10 years. The Expanded Programme of Immunization (EPI) surveys conducted in 2010, 2017 and 2020 revealed more than 95% coverage for the third dose of Pentavalent vaccine (Penta-3) and the first dose of Measles-containing-vaccine (MCV1) among the children 24-35 months old. The consultant will be reporting to the Immunization Specialist at UNICEF Child Survival and Development- EPI Unit, and will be responsible for, and lead the implementation of Vaccines, Cold Chain, and Logistics Management. He/She also reports to Planning, Monitoring and Evaluation Specialist.

**Key functions/accountabilities**:

- Closely follow-up UNICEF Country office supply unit in the procurement of Cold Chain Equipment funded by the Japan Supplemental Budget (JSB) and The Gavi Cold Chain Equipment Optimization Platform (CCEOP)
- Support EPI Manager in distributing, and installation of the JSB and Gavi supported CCE at national and sub-national levels
- Support national vaccine store officer in updating SMT and ViVA on monthly basis and share to EPI Manager
- Review SMT and HMIS data on monthly basis and prepare report on cold chain functionality status for national and sub-national levels and share to EPI manager, National EPI Logistics Officer and Immunization Specialist.
- Update excel based cold chain inventory data, by functionality, obsolete and non-functioned by Health Facility, Sub-Zoba, Zoba and national and share to EPI manager, National EPI Logistics Officer and Immunization specialist with a brief one pager summery.
- Conduct quarterly joint field monitoring in the Japan supported CC facilities and prepare mission report with Donor visibility including Human Interest Stories (HIS).
- As a member of EPI Logistics Working Group, facilitate monthly meeting among the ELWG members, discuss bottlenecks, seek recommendations and support to address the gaps.
- Consultant will dedicate 30% of the time to support data collection and donor reporting for UNICEF CO and report to the Planning, Monitoring and Evaluation Specialist
- Consultant will sit at least 2 days per week in the national vaccine store and support National EPI Logistics Officer and vaccine store in-charge in updating SMT, ViVA and Cold Chain Inventory
- Consultant will time to time contact with EPI Manager and EPI Logistics Officer and support them if there is a request for any Vaccine, Logistics, and cold chain related matters
- Other duties related to Vaccine, Logistics, and cold chain related matters may be added by the Supervisor.

**Deliverables**

- Submission of tentative work-plan, Cold chain situation analysis report (21 days)
- Submission of work-plan, cold chain inventory and progress report for May (21 days)
- Submission of work-plan, vaccine stock, analysis EPI performance indicators with disaggregation for Jan-June 2023 and progress report for June (21 days)
- Submission of work-plan, cold chain inventory and progress report for July (21 days)
- Submission of work-plan, joint monitoring report and progress report for August (21 days)
- Submission of work-plan, cold chain shipment and progress report for September (21 days)
- Submission of work-plan, Human Interest history and progress report for October (21 days)
- Submission of work-plan, minutes of LWG and progress report for November (21 days)
- Submission of work-plan, HIS, draft JSB CC report and progress report December (21 days)
- Comprehensive consultancy report with analysis EPI performance indicators with disaggregation for Jan-December 2023 and final JSB CC report (21 days)

**To qualify as a champion for every child you will have:**

**Education**: A university degree (Bachelor) in one of the following fields is required: Public Health, Social Sciences, life science or other relevant technical field.

**Work Experience:** Two years of progressively responsible professional work experience at the national and international levels in Routine Immunization Program especially in immunization or any supply chain management.

Demonstrated experience of similar work with UNICEF, other UN agencies, international organization and Ministry of Health is an asset.

Advance knowledge in MS offices, data analysis, and report writing will be an advantage.

**Language Requirements:** Fluency in English and the local language is required. Knowledge of other UN languages is an asset.

**UNICEF's Core values**

- Care, Respect, Integrity, Trust and Accountability

**UNICEF's Core Competencies**

Demonstrates Self Awareness and Ethical Awareness (1); Works Collaboratively with others (1); Builds and Maintains Partnerships (1); Innovates and Embraces Change (1); Thinks and Acts Strategically (1); Drive to achieve impactful results (1); Manages ambiguity and complexity (1)

UNICEF is committed to diversity and inclusion within its workforce, and encourages all candidates, irrespective of gender, nationality, religious and ethnic backgrounds, including persons living with disabilities, to apply to become a part of the organization.

UNICEF has a zero-tolerance policy on conduct that is incompatible with the aims and objectives of the United Nations and UNICEF, including sexual exploitation and abuse, sexual harassment, abuse of authority and discrimination. UNICEF also adheres to strict child safeguarding principles. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks, and will be expected to adhere to these standards and principles.

**Qualified female candidates are encouraged to apply.**

**CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION/EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE. PLEASE NOTE THAT COMPLETION/ EXEMPTION OF NATIONAL SERVICE IS A REQUIREMENT. COPY OF CARD/EXEMPTION MUST BE ATTACHED. APPLICATIONS WITHOUT THIS REQUIREMENT WILL NOT BE CONSIDERED.**

**Closing date of Application:** **07 days from date of advertisement**

Please note that UNICEF is a smoke-free environment.

Candidates should send their recent CV and photocopies of academic qualifications, technical and financial proposals along with duly filled P11 (forms to be collected from the UNICEF Office) to email address: ertvacancies@unicef.org or to the below postal address.

**Vacancy: Vaccines, Cold Chain, and logistics Management (VCLM) Consultancy**
**Human Resources Office**
**UNICEF Eritrea**
**P.O. Box 2004**
**Asmara, Eritrea**

**Remarks: only qualified candidates will be short-listed and invited for a written test and interview.**

**Applications submitted without a fee rate will not be considered.**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC), the Construction team, is inviting applicants for the following positions for Asmara project sites.

**Electrical and Mechanical Engineers**
**Number required-(02)**
**Type of Contact – Definite period 02 Years**

**Major Duties and responsibilities**.

- Responsible for the overall activities to be made by the mechanical &/electrical equipment.
- Full responsibility for the installation of mechanical and electrical equipment.
- Follow up the regular functioning of the equipment.
- Service the equipment regularly to minimize losses.
- Perform a regular repair & maintenance service.
- Schedule renewals & replacements as per the nature of every machine.
- Responsible for the management of mechanical and electrical equipment.
- Organize a team to work in harmony so that replacements for spare parts can be caught much better.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications, or Equivalents | - College degree or above in the respective disciplines i.e. Mechanical / electrical engineering. |
| Working Experience – Nature & length | - Participate in the completion of no less than 2 mine information projects of 3 million yuan. - Able to independently complete the installation of computer hardware, vehicle terminal, computer room server and other hardware installation work. |
| Leadership Experience- Nature & length of time suite, good presentation, and reporting skills | - Demonstrate good supervisory and leadership skills. - Computer literate and acceptable level of proficiency in MS office - Good communication skills in English. |
| Other skills and abilities | - Ability to work in culturally diverse Working environments. |

**Information Engineer**
**Number required-(02)**
**Type of Contact – Definite period 02 Years**

**Major Duties and responsibilities**.

- Responsible for the information work of the construction site.
- Attend the activities & events occurred in the project site & record them.
- Establish a clear & transparent system of transferring information throughout all the members of the project site.
- Implement the channel of information transfer throughout the project area.
- Assure to address all the parts of the project site so that no one is accused of missing information.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications, or Equivalents | - College degree or above in information Engineering, Information Technology or any other related fields of study. |
| Working Experience – Nature & length | - Participate in the completion of no less than 2 mine information projects of 3 million yuan; - Be able to solve the systematic work between server software and hardwareonsite. |
| Leadership Experience- Nature & length of time suite, good presentation, and reporting skills | - Demonstrate good supervisory and leadership skills. - Computer literate and acceptable level of proficiency in MS office - Good communication skills in English. |
| Other skills and abilities | - Ability to work in culturally diverse Working environments. |

**General Information and Other Requirement**

- Place of Work: Asmara Project Sites
- Salary: As per Company salary scale

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 07 days from the date of publication on the newspapers

**Address: Please mail your application to;**
Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
The construction team
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

**Note to None Eritrean applicants:**
Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

### ንኻልኣይ ግዜ ዘወጽአ ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ኣቶ ተማሰገን ጉብረኪዳን+1 ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ክብሮኣብ ወልድኣብ ዝበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብቁ/መዝ 031/20 ብዕለት 7/7/2021 ብዝተዋህበ ትእዛዝ መሰረት፡ እዚ ኣብ ዓዲ ቀ ዝርከብ ህንጻ ብስም ኣቶ ተማሰገን ጉብረኪዳን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ። በዚ መሰረት፡ እቲ ገዛ ኣብ ዓዲ (ቀ) ቁ.2 ኣብ ፕሎት 135 ፓርሰል ዲ ኣብ 250 ት.ሜ ዝተደኮ፥ ቁ.3 ኣብ ፕሎት 135 ፓርሰል ኤፍ ኣብ 123,75 ት.ሜ ዝተደኮ፥ እዚ ክልተ ገዛ ኣብ ክልተ ክምቀል ስለ ዘይክእል፡ መበገሲ ዋጋ 750,937.8 (ሸውዓተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕን ትሽዓተ ሚእትን ሰላሳን ሸውዓተን 8%) ናቕፋ፥ እቲ ህንጻ ጠቕላላ ኣብ 373,75 ዝተደኮ ኮይኑ፥ ሸውዓተ ቀንዲ ገዛ፡ ኣርባዕተ ተሓጋጋዚ ክፍሊ፡ ናይ ማይ ባኞ ዝሓዘ እዩ። ስለዚ፡ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ 1/4 ናይቲ ዝተውሃበ ግምት ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ በቲ ወይ ደማ ብስም ፊ/ፍርዲ ሲ.ፒ.ኦ (c.p.o) ኣሰሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለተ ጨረታ 5+ ናይ ስራሕ መዓልታት፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍ ርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፊ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ሓበሬታ ዝደ፡ ኣብ ቁ/08 ቀሪቡ ይወከስ።

ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፡ 02/05/2023
ሰዓት ሓራጅ፡ 3:00-4:00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27
ቤ/ጽ/ዋ/ፊ/ፍርዲ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ይቕጽል

### ዓወትን ኣኽርያን ሰሓቢ ጸወታ ኣንጸባሪቖን

ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ብኽልቲኡ ጾታ ቀጺሉ ምውዓሉ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ።

ፈለማ ጸወታኦን ዘቖጸሩ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ፍትሒን ስምረትን እየን ነይረን። እዘን ጋንታታት ናይ ፈለማ ተመኩሮአን ብምዃኑ፡ ደሓን ዝኾነ ምንቅስቓስ እየን ኣርእየን። ጋንታ ስምረት ከኣ ኣከታቲላ 25ብ21 25ብ19 ብምስዓር ብድምር ውጽኢት 2ብ0 ተዓዊታ።

ዝሰዓበ ካልኣይ ግጥም ኣብ መንጎ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ዓወትን ኣኽርያን እዩ ነይሩ። ካብ ፈለማኡ ብውዕዉዕ መንፈስ ዝጀመረ እዚ ግጥም፡ ሰሓቢ ኮይኑ እዩ ቀሪቡ።

ብኣሰልጣኒ ሂላል ሓምድ እትሰልጥን ጋንታ ዓወት ኣብ ቀዳመይቲ ሰት 25ብ20 እኳ እንተተዓወተት፡ ኣብ ካልኣይ ሰት ተጻወትቲ ኣኽርያ፡ ጉድለቶም ሸፊኖም ብምቕራብ 25ብ22 ብምዕዋቶም፡ ከመዓራረዩ



ክኢሎም። ኣብ ሳልሰይትን መፈላለይትን ሰት ድማ፡ ብኽልቲአን ጋንታታት ጥንቃቐ ዘለዎ ጸወታ ኣብ ዝተራእየሉ፡ እታ ብደገፍታ ማሚቓ ዝቐረበት ጋንታ ዓወት እያ 15ብ11 ተዓዊታ - ብድምር ነጥቢ ድማ ነቲ ግጥም 2ብ1 ዛዚማቶ።

ኣብዛ ግጥም፡ ተጻዋታይ ዓወት ኒምሮድ በየነ ኣብ ምጥዕዓም፡ ኤስሮም ፍቕረ ድማ ኣብ ምጥቃዕ፡ ብወገን ጋንታ ኣኽርያ ድማ፡ መሪሕ ዮናስ ኣብ ምጥዕዓምን ምውህሃድን ጋንታ፡ ከምኡ'ውን፡ ናእድ ያቂም ኣብ ምጥቃዕ ዝገበርዎ ኣበርክቶ ካብ ተዓዘብቲ ናእዳ ውሒዝሎም።

ድሕሪ'ቲ ግጥም፡ ኣሰልጣኒ ጋንታ ዓወት - ሂላል፡ "ተጻወትትና ጽቡቕ ምንቅስቓስ ኣንጸባሪቖምን ዝተበሃልዎ ኣብ ግብሪ ኣውዒሎምን እዮም። መጋጥምትና ብወገኖም ብቑዓት ኮይኖም ብምቕራቦም፡ ልዕሊ ትጽቢትና ኮይኖም ጸኒሖምና።" ኢሉ።

ኣሰልጣኒ ሙኣብ ኣሚነ ብወገኑ፡ "ሚዛናዊ ዝኾነ ጸወታ እዩ ነይሩ። ተጻወትተይ ዝከኣሎም ጽዒሮም እዮም። ሓንቲ ክትዕወት ስለ ዝነበራ ግን ዕድል ኣይገበርናን - ንሶም ተዓዊቶም። እንተኾነ፡ ኣብ መጻኢ ንዝነበሩና ንኣሸቱ ጌጋታት ኣዐሪና ተወዳደርቲ ኮይንና ክንቀርብ ክንጽዕር ኢና።" ኢሉ።

## ሃገራዊ ውድድር ኣትለቲክስ ትራክን ፊልድን . . .

ኣትለቲክስ ኤርትራ፡ ካብ 31 መጋቢት ክሳብ 2 ሚያዝያ፡ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት መንእሰያት ሃገራዊ ውድድር ናይ ሜዳ ተግባራት (U-20 Track and Field National championship) ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ከካይድ እዩ።

ኣብዚ ከለን ተሳተፍቲ ዞባታት፡ ተኻእቲን ትሰፋዊትን ኣትሌታት ሐዚን ክቐርባ ትጽቢት ዝግበረሉ ውድድር፡ ናይ ዝተፈላለየ ሓጺር፡ ማእከላይን ነዊሕን ሜትሮታት ናይ ትራክ፡ ከምኡ'ውን ንውድድራት ዳርባን ዝላን ዝጠቓልል ናይ ሜዳ ተግባራት (field events) ክሰላሰል እዩ።

ከለን ተወዳደርቲ ዞባታትን ጋንታታትን፡ ኣብዚ ንኣልስቲ ዝሰላሰል ውድድር፡ ነቲ ወትሩ ኣብ ሃገራዊ ውድድራት ኣትለቲክስ ኣዘራቢ ዝኸውን ዘሎ ጉዳይ ዕድመ ኣትሌታት ኣጸፊፈን ክቐርባ፡ ተኻእቲ ኣትሌታት ብምስታፍ፡ መጻኢን ተስፋን ናይቶም ኣብ ግቡእ ዕድሚኦም ዝርከቡ ኣትሌታት ከውሕሳን ትጽቢት ይግበረለን።

ሃገራዊ ፈደረሽን ብወገኑ፡ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ክኽሰት ዝጸንሐ ሕጫታ ከም ተመኩሮ ብምውሳድ፡ ኣብዚ ውድድር ግቡእ ናይ ዕድመ ሰነዳት ምመስያን ምጽራይን ክካየድ ምዃኑ ብምሕባር፡ ከለን ተሳተፍቲ ጋንታታት ኣብ ግቡእ ዕድመ ዝርከቡ ተወዳደርቲ ሒዘን ብምቕራብ፡ ዝለገጥም ከሉ-መዳያዊ ብኽሎት ኣብ ምውጋድ ተራአን ክጻወታ ጸዊዒት ምቕራቡ፡ ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓቢሩ።

## ቫን ባስተን፡ ንቫን ዳይክ ይወቅስ

ሆላንዳዊ ናይ ቀደም ብሉጽ ተጻዋታይ - ማርኮ ቫን ባስተን፡ ነዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሓለቓ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ ዘሎ - ቨርጂል ቫን ዳይክ፡ "ነዛ ጋንታ ህውከት ይፈጥረላ ኣሎ" ብምባል፡ ንናይ ምምራሕ ዓቕሙ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትይዎ።

እዛ ብሮናልዶ ኮማን እትሰልጠን ዘላ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ፋልማይ ጸወታኣ ብፈረንሳ 4ብ0 ብምስዓራ እያ ካብ ሕፍረት ከምዝደልያ ገሊጹ።

ንሓሳብ ቫን ባስተን ዝደገፈ - ሩድ ጉሊት ብወገኑ፡ ዝ. ተኸላኻሊ ወቐሰዎ ኣሎ። "ንድሕሪት እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብ እንግሊዝ (ፕሪመር ሊግ) እኳ ድሮ ነቒፎም እዮም።" - ዝበለ እዚ ሆላንዳዊ ናይ ቀደም ተጻዋታይ፡ "ምስዚ ናይ ሎሚ ዓመት 'ጋንታ ዓለም' ብምምራጹ ከኣ ንኩበሱ ካብ ኩሎም ዝበለጸት ጊዮሩ እዩ ዝሓስቡ፡ ሓለቓ ጋንታ እዩ ዝ.



ንቫንዳይክ ዝነቐፉ ቫን ባስተን (ጸጋም) ሩድ ጉሊት (ማእከል)

ተጉልቢቡ፡ ኣብዛ ግጥም ከኣ፡ ቫን ዳይክ፡ ሕልፊ ካልኦት ተጻወትቲ ብዝርኣዮ ድኹም ምንቅስቓስ ጉዳይ ነቐፌታ ተንተንቲ ኮይኑ ነይሩ። ሆላንድ፡ ሰኑይ ምሸት ንጂብራልታር 3ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ጸወታ ግን፡ እዚ ተኸላኻሊ፡ ዝሓሸ ምንቅስቓስ ኣርእዩ እዩ። እንተኾነ፡ ካብ ነቐፌታ እዚ ኣብ 1988፡ 1989 ከምኡ'ውን 1992ን ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ዝተዓተረ ወዲ ሃገሩ ኣየምለጠን።

ቫን ባስተን፡ "ቫን ዳይክ ድምጺ እዩ ዝጉበር እምበር፡ ወላ ሓንቲ ኣይዛረብን እዩ። ሓደ ብሉጽ ሓለቓ ጋንታ ዓው ኢሉ እንታይ የጋጥም ኣሎ ብንጹር ክዛረብ ኣለዎ። ንሱ ግና ብኣንጻሩ እዩ። ህውከት ጥራይ እዩ ዝፈጥር። በቃ ናብ ዘይምርድዳእ ይመርሓና። ከም ሓለቓ ጋንታ፡ እዚ ከየጋጥም ኢኻ እኮ ክትከላኸል ዘሎኻ።" ክብል፡ ቫን ዳይክ፡ እዚ መዝሙት ይበቕዕ እዩ ኢሉ ከምዘይኣምን የረድአ። ብዘይካ'ዚ፡ ቫን ባስተን፡ እዚ ተጻዋታይ ሊቨርፑል፡ ወላ'ኳ ኣብ መቐጸሪ ክፍሊ ንዓዕ እንተኾነ፡ ብመዳይ ታክቲክን ተኽኒክን ግና ብሉጽ ከምዝይኾነ ብምግላጽ፡ እዛ ጋንታ ኣብ ሜዳ ዝመርሓ ካልእ ተጻዋታይ ጸገማት ድማ ክትፈትሖ ኣለዎ ኢሉ እዩ ዝሓስብ። እንተኾነ፡ ኣብ ቀደሚኡ ንዚጋጠሞ ዘሎ ጸገማት፡ ቁሩብ ርእይቶ ጥራይ እዩ ዝህበሉ ዘሎ። ብዘይካ'ኡ፡ ልዕሊ ዓቕሙ ተዛዲዩ እዩ ዝጻወት። ዝበለጸ እንተኾይኑ ብጉበሪ የርእየና።" ኢሉ። ጉሊት፡ ንሱ'ም ዝሀቦዎ ርእይቶ ኣወንታዊ ነቐፌታ ምዃኑ'ውን ይገልጽ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቫን ዳይክ፡ ንቐፌታ ደቂ ሃገሩ ቀልጢፉ እዩ መልሲ ሂቡሉ። ንሱ፡ "እዚ ንዓይ ጥቕሚ የብሉን። ኣብዚ እዋን ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኻኑ ርእይቶ ክህብ ተፈቒዱሉ እዩ። ዝኾነ ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ ካብ ዝኾነ ሰብ ንላዕሊ ጥርዚ ብቕዓትን ትሑት ደረጃን ይፈልጥ እዩ። ቀጺሊ ሓደ ዓይነት ጸወታ ክተርኢ ዘይምኽኣል ከኣ ንቡር እዩ። ሰባት ክርስቶም ዘይብሎም ድማ፡ ምጊጋይ ኣካል ኵዕሶ እግሪ እዩ - ኣብ ኩሉ ሰብ እውን ዘሎ እዩ።" ኢሉ።

ቫን ባስተን፡ ኣቐዲሙ'ውን፡ ሆላንድ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ኣንጻር ኤኳዶር 1ብ1 ድሕሪ ምፍልላዩ፡ ምስ ቫን ዳይክ ኣብ ናይ ቃላት ኩናት ኣትዩ ነይሩ እዩ። ኣብቲ እዋን፡ ቫን ባስተን፡ "ነዛ ጋንታ ኣይመርሓን።" ክብሎ እንከሎ፡ ቫን ዳይክ ከኣ፡ "ኣወንታዊ ኮይኑ ሰሚዐዮ ኣይፈልጥን። እንታይ ክጉብር እዩ ዝደልዩ ዘሎ? ኣብ ስቱድዮ ኮይንካ ምዝራብ እኮ ቀሊል እዩ። ኣነ ወትሩ ኣብ ቀድሚት ኣለኹ፡ ነዛ ጋንታ ብዝበለጸ መንገዲ እየ ዝመርሓ።" ኢሉ መሊሱሉ ነይሩ።

ኣብ 2018 ብ75 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሊቨርፑል ዝተጸምበረ - ቫን ዳይክ፡ ሊቨርፑል ፕሪመር ሊግን ሻምፕዮንስ ሊግን ክትዓትር እንከላ፡ ሓደ ካብ ዝበለጹ ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ይጽዋዕ ነይሩ እዩ። እንተኾነ፡ እዚ ወዲ 31 ዓመት፡ ካብ ዝሓለፈ ወቕቲ-ስፖርት ጀሚሩ ብዘፍጽሞም ጌጋታት፡ ጉዳይ ተደጋጋሚ ነቐፌታ ኮይኑ እዩ። ሊቨርፑል፡ ኣብ ሜዳኣ ብሪያል ማድሪድ 5ብ2፡ ቀድሚ ኣህጉራዊ ግጥማት ከኣ ብቦርንማውዝ 1ብ0 ኣብ ዝተሰዓረትሉ ግጥማት፡ ጉዳይ ዝነበሩ ጌጋታት ፈጺሙ እዩ።

## ቅንጥብጣብ

* መቐይሪ ክፍሊ ባየር ሙኒክ፡ ብጉዳይ ዓለማኢ ነበር - ጁሊያን ናግልስማን ተመቓቒሉ ምንባሩ ተሓቢሩ። ከም - ኪሚክ፡ ጎረትዝካ፡ ደ ሊኽት፡ ኡፓመካኖን ፓቫርድን እዚ ዓለሚ ክጸንሕ ከይልዩ እንከለው፡ ኑየር፡ ሰቨን ኡልሪች፡ ግናብሪ፡ ሳኔ፡ መሲያላ፡ ካንሴሎን ማዝን ግና ኣንጻሩ ምንባሮም ይግለጽ። ናግልስማን ዝሓለፈ ዓርቢ ድሕሪ ምብራሩ፡ ቦታኡ ብቶማስ ቱኸል እዩ ተተኪኡ።

* ዓለሚ ሃገራዊት ጋንታ ሞሮኮ - ዋሊድ ረግራጊ፡ ንተጻወትቱ፡ ቀዳሚ ብደረጃ ዓለም ምዕዋቶም፡ ነታ ን47 ዓመታት ዘይዓተሩዋ ዋንጫ ኣፍሪቃ ከልዕሉዋን "ነጋውሰ ኣህጉሮም" ክኾኑን ከምዝለዎም ሓቢሩዎም። ሞሮኮ፡ ድሕሪ 1976 ዋንጫ ኣፍሪቃ ዓቲራ ኣይትፈልጥን እያ። ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ግና፡ ክሳብ ፍርቂ ፍጻመ ብምብጻሓ፡ "ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ዝበጽሐት ናይ ፈለማ ኣፍሪቃዊት ሃገር" ኮይና እያ። ሞሮኮ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ንብራዚል ኣብ ምሕዝነታዊ ጸወታ 2ብ1 ሰዒራታ እያ።

## ከረን፡ ቅድድም ብሽክለታ ቀጺሉ

ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ 4 ምድባት ብዝተኸፈለ ናይ ክሮኖሜተር ውድድራት ቀጺሉ ወዒሉ።

ኣርባዕተ ጋንታታት 3ይ ደቪዥን (ዩዝ)፡ ብናይ 45 ካልኢት ፍልልዩ እናተበገሳ፡ 23.5 ኪሎሜተር ሸፊነን። ጋንታ መጉዓዝያ፡ ብ39 ደቒቕን 36 ካልኢትን ክትዕወት እንከላ፡ ረደሲ 40 ደቒቕን 11 ካልኢትን፡ ሻልኩ 41 ደቒቕን 45 ካልኢትን፡ ፋሚሊ 41 ደቒቕን 54 ካልኢትን ኣመዝጊበን።

ኣብ ናይ 2ይ ደቪዥን፡ ጋንታ ረደሲ ንዝተሰርዓ 34.7 ኪሎሜተር፡ ብ57 ደቒቕን 29 ካልኢትን ብምዝዛም ክትዕወት እንከላ፡ መጉዓዝያ ብ26 ካልኢት ካልኣይቲ፡ ጋንታ ሻልኩ ድማ፡ ብ01 ሰዓት 43 ካልኢት ሳልሰይቲ ተሰሪዓ።

ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር እውን ኣካል እታ ዕለት እዩ ነይሩ። ኣብዚ 19.6 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ውድድር፡ ተቐዳዳሚት የርዳኖስ ተከኤ (ቅርጣጅ)፡ ንጆርሳሌም ገርገስ ናይ 1 ደቒቕን 46 ካልኢትን ጋግ ብምንጻፍ ቀዳመይቲ ኮይና።

ብዘይካ'ዚ፡ 47 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈነ ናይ ዓበይቲ ጋንታታት ውድድር፡ ረደሲ እያ ተዓዊታ። መወዳደርቲ ረደሲ ዝነበረት መጉዓዝያ፡ ኣብ ዝተረፈ ሸሞንተ ኪሎሜተር፡ ክልተ ተቐዳደምታ ብምዝራርያ፡ ብሕጊ እቲ ውድድር ተገሊፋ። ረደሲ፡ ነቲ ውድድር ብ1 ሰዓት፡ 11 ደቒቕን 56 ካልኢትን እያ ተዓዊታትሉ። ዕወታት ጋንታታት ከኣ ንዝተዓለወሎም ሽልማት ካብ ኢድ ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ሪዝክ ኣርኣያን ካልኦት ናይ ክብሪ ዕዱማትን ተቐቢሎም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብዚ ዝሓለፉ ዓመታት ብብሉጽ ብቕዓት ንብሉል ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ዓንሰባ ዝኾነ ተቐዳዳማይ ጋንታ ረደሲ - ኣማኑኤል እዮብ (ወዲ መምህር)፡ ኣብታ መዓልቲ ናብ ክለብ ደንደን (ዞባ ማእከል) ብወግዒ ተሰጊሩ። ኣካየድቲ ናይ'ዛ ጋንታ፡ ኣብቲ ውድድር ብኣካል ብምርካብ ምስ ጋንታኡ ድሕሪ ዝነበርዎ ስምምዕ እዩ'ም፡ እዚ ተቐዳዳማይ ኣብሎም ገይረሞ ዘለው። ኣማኑኤል፡ ብዘይካ እቲ ብውልቁ ዘመዝገቦ ዓወታት፡ ጋንታኡ ሻምፕዮን ክትኸውን ዓቢ እጃም ምብርካቱ፡ ካብቲ ቦታ ዝጸንሓና ዜና የረድእ።



## ዲያዝ ተመሊሱ

ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዝወርሐ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ክለብ ሊቨርፑል - ሉዊስ ዲያዝ፡ ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ናብ ልምምድ ተመሊሱ።

እዚ ኮሎምቢያዊ ኣጉዳሲ ተጻዋታይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ጥቅምቲ ጋንታኡ ብኣርሰናል 3ብ2 ኣብ ዝተሳዕረትሉ ግጥም እዩ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ወላ'ኳ፡ ኣብ እዋኑ ንሰለስተ ኣዋርሕ ካብ ሜዳ ክርሕቕ ትጽቢት ተገይሩሉ እንተነበረ፡ ምስ ጋንታኡ ናይ ሓጋይ ልምምድ ንምግባር ናብ ዱባይ ኣብ ዘቕንዐሉ ግና፡ ተወሳኺ መጉዳእቲ እዩ ኣጋጢምዎ። በዚ ድማ ን14 ሰሙንቲ ተኣልዩ ጸኒሑ።

ዲያዝ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ናይ ኣካዳሚ እዛ ጋንታ ልምምድ ኣብ ዝገበረሉ፡ እወታዊ ምዕባለ ምርኣዩ ይግለጽ። ከም ውጽኢቱ ናብ ቀዳመይቲ ጋንታ ክጽምበር እዩ - ብመሰረት ሓበሬታ ናይ ቀረባ ወገናት። በዚ ድማ ምምላስ እዚ ወዲ 26 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ነታ ኣብ ሻዱሻይ ደረጃ ተሰሪዓ ዘላ ጋንታ ዓቢ ሓገዝ እዩ። ብዕብኡ'ውን ንዓለሚኡ የርገን ክሎፕ እፎይታ ዝህብ እዩ።

ሊቨርፑል፡ ኣብታ ድሕሪ ክልተ መዓልታት እትጅመር ወርሒ ሚያዝያ፡ ብተኸታታሊ ኣገደስቲ ከበድትን ግጥማት ይጽበያ። ዝመጽእ ቀዳም፡ ናብ ከተማ ማንቸስተር ተጓዒዛ ኣንጻር ማን ሲቲ ድሕሪ ምግጣማ፡ ሰሉስ 4 ሚያዝያ፡ ናብ ከተማ ለንደን ብምቕናዕ ምስ ቸልሲ ክትፋጠጥ እያ። ሰንበት 9 ሚያዝያ ከኣ፡ ነታ ኣብ ቀዳማይ እግሪ 3ብ2 ዝረትዓታ ኣርሰናል ክትዕድማ እያ - ኣብ ሜዳኣ ኣንፊልድ። እዘን ግጥማት፡ ሊቨርፑል፡ ራብዓይ ደረጃ ንምውሓስ ኣብ እተካየዶ ዘላ ቅልስ ወሳኒ ተራ ክህልወን ትጽቢት ይግበር። ከም ቅድመ ግምት ምንጨታት፡ ዲያዝ ኣብታ ኣንጻር ማን ሲቲ ዘካይዱዋ ግጥም ኣብ መንጎ ተቐየርቲ ክህሉ ትጽቢት ይግበር።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣመሪካ - ኣብ ቤት ትምህርቲ መጥቃዕቲ ብረት ተፈጺሙ

ኣብ ክፍለሃገር ተነሲ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ሓንቲ ቤት-ትምህርቲ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ፈኮስ ብረት፡ 3 ህጻናት ዝርከቡዎም ሽዱሽተ ሰባት ከምዝተቐትሉ ተሓቢሩ።

እታ ኣብ ከተማ ናሽቪል መጥቃዕቲ ዝፈጸመት ጓል 28 ዓመት ጥርጥርቲ፡ ኣብቲ ምስ ኣኽበርቲ ጸጥታ ዝተፈደቶ ናይ ተኹሲ ልውውጥ ከምእተቐትለት፡ ኣዛዚ ፖሊስ ናይታ ከተማ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።

እታ ዕጥቕቲ፡ ኣማኢት ጠያይት ዝሓዘ ክልተ ብረት ዓጠቓ ከምዝዘበረት ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣብ ልዕሊኣ ቅልጡፍ ስጉምቲ እንተዘይወሰድ ነይሩ፡ ኣብ ተማሃሮ ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ ከተውርዶ ትኽእል ዝበረት ክሳራ ኣዝዩ ከቢድ ክኸውን ይኽእል ከምዝበረ ኣመልኪቶም።

ፖሊስ ከተማ ናሽቪል፡ ዕላማ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ከምኡ ድማ ኣብ መንነ ግዳያትን ጥርጥርትን ዘሎ ምትእስሳር ንምፍላጥ መርመራታት ከካይድ ጀሚሩ ከምዝሎ ኣፍሊጡ።

ድሕሪ'ቲ ዘጋጠመ መጥቃዕቲ፡ ፕረዚደንት ጆ ባይደን፡ ንዋንነት ብሕታዊ ብረት ዝቆጻጸር ሓድሽ ሕጊ ንምጽዳቕ ድሕሪ ምጽዋዑ፡ ሰንደቕ ዓላማ ኣመሪካ፡ ክሳብ መውዳእታ ናይዛ ሒዝናያ ዘለና ወርሒ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ትካላት ኣብ ፍርቂ ዘንጊ ክትሰቀል ኣዘዙ።

ኣብ ኣመሪካ፡ ኣብዚ ዓመት እዚኣ ጥራሕ ኣብ ዝተፈላለያ ክፍላተ-ሃገር ኣስታት 128 መጥቃዕቲ ፈኮስ ብረት ከምእተኻየደን፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መጥቃዕቲ ድማ ብውሕዱ ሓደ ሰብ ከምዝተቐትለን ጸብጻባት ፖሊስ ይሕብሩ።

ኣብታ ሃገር ልዕሊ 390 ሚልዮን ጠበናጁ ኣብ ኢድ ውልቀሰባት ከምዝሎ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ዓመታዊ ብገምጋም ኣስታት 40 ሽሕ ሰባት ህይወቶም ከምዝስእኑ ጸብጻባት ይሕብሩ።



## ጀርመን - ስራሕ ናይ ምቁራጽ ኣድማ ይካየድ

ኣብ ከተማታት መሪኸን ፍራንክፈርትን - ጀርመን፡ ሰራሕተኛታት ሚኒስትሪ መጓዓዝያ ዝሳተፍዎ ዘለዉ ወሰኽ ደሞዝ ዝጠልብ ኣድማ ይካየድ ከምዝሎ ተገሊጹ።

እቲ ዝካየድ ዘሎ ስራሕ ደው ናይ ምግባል ኣድማ፡ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ሰራሕተኛታት መጓዓዝያ ባቡር ምድሪ፡ ኣየርን ኣውቶቡሳትን ይሳተፍዎ ከምዘለዉ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ ከም ሳዕቤኑ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ናይ'ታ ሃገር ብኸቢድ ተጸልዩ ከምዝሎ ኣመልኪቶም።

ብሰንኪ'ቲ ኣብዘን ክልተ ከተማታት ዝካየድ ዘሎ ኣድማ፡ ብዙሓት ነፈርትን ባቡራትን ስርሐን ከቋርጻ ተገዲደን ከምዝለዋ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ጸብጻባት ማሕበር መንገዲ ኣየር ጀርመን ከምዝሕብሮ፡ በቲ ዝካየድ ዘሎ ስራሕ ደው ናይ ምግባል ኣድማ፡ ኣስታት 380 ሽሕ ገያሾ ካብ ጉዕዞኦም ክተዓናቐፉ እንከለዉ፡ ኣስታት 1200 ናይ ነፈርቲ በረራታት ድማ ተሰሪዙ ኣሎ።

እቶም ኣድማ ዘካይዱ ዘለዉ ሰራሕተኛታት፡ መጠን መሃያኦም ምስቲ ኣብ ሃገሮም ተኸሲቱ ዘሎ ናህሪ ዋጋታት ዝሰኒ ከምዝይኮነ ብምሕባር፡ ናይ ልዕሊ 10 ሚእታዊት ወሰኽ ደሞዝ ክግበረሎም እዩም ዝሓቱ ዘለዉ።

እንተኾነ፡ መንግስቲ ጀርመን ንጠለባቶም ክምልስ ድሉው ከምዘይኮነ'የም ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ኣቐዲሞም'ውን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ ወሰኽ ደሞዝ ዝጠልብ ስራሕ ናይ ምቁራጽ ኣድማ ከምዝተራእየን፡ ብዙሓት ካብ'ቶም ኣድመኛታት ድማ፡ ጠለባቶም እንተዘይተማሊኡ ነቲ ኣድማ ብዘዛየለ መልክዑ ክቕጽልዎ ምዃኖም ከጠንቀቑ ምጽንሖም ይፍለጥ።

ብፍላይ ብዓባይ ብሪጣንያ፡ ጀርመንን ፈረንሳን፡ በቲ ዝካየድ ዘሎ ናይ ሰራሕተኛታት ኣድማ፡ ቁጠባአን ብኸቢድ ይህሰ ከምዝሎ'ዩ ዝግለጽ።




## ቡርኪናፋሶ፡ ንማዕከን ዜና ፈረንሳ ኣጊዳ

ሚኒስትሪ ምክልኻል ቡርኪናፋሶ፡ 'ፍራንስ 24' ዝተባህለት ማዕከን ዜና ፈረንሳ ኣብታ ሃገር እተካይዶ ዕማም ከተቋርጽ ትእዛዝ ከምዘመሓላለፈ ተሓቢሩ።



እቲ ሚኒስትሪ ዝሂ ትእዛዝ ዘመሓላልፍ ዘሎ፡ እታ ቴለቪዥን ምስ ላዕለዋይ መራሒ ሸበራዊ ጉጅለ ኣል-ቃዒዳ ኣብታ ሃገር ቃለመሕተት ድሕሪ ምኪያዳ እዩ።

እታ ቴለቪዥን መሳርሒ ሸበራውያን ሓይልታት ኮይና ከምዝካ ዝገለጸ ሚኒስተር መራኸቢታት ቡርኪናፋሶ ጂን ኤማንወል፡ ቡርኪናፋሶ ኣብ ልኡላዊ ግዝኣታ ዝኾነ ዜናዊ ንጥፈታት ከተካይድ ከምዘይተፍቅድ ሓቢሩ።

እታ ኣብ ከተማ ፓሪስ - ፈረንሳ ዝመደበራ ማዕከን ዜና፡ ኣብ ዞባ ምዕራብ ኣፍሪቃ ንረብሓታት ፈረንሳ ክትሰርሕ ከምዝጸንሐት'ዩ መንግስቲ ቡርኪናፋሶ ዝወቅስ ዘሎ።

እንተኾነ፡ ፍራንሱ24፡ መንግስቲ ቡርኪናፋሶ ዘውጽኦ ክሲ ብትሪ ከምእትኹንኖ ኣፍሊጣ ኣላ።

መንግስቲ ቡርኪናፋሶ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ንሓንቲ ካብ ዓለምለኻውያን ፈነወታት ራድዮ ዝኾኑት ናይ ፈረንሳ ማዕከን ዜና፡ ንረብሓታት ሸበራውያን ጉጅለ ትሰርሕ ከምዝካ ብምኽሳስ ኣብታ ሃገር እተካይዶ ንጥፈታት ደው ከተብል ኣዘዙ ምንባሩ ይዝከር።

ወተሃደራዊ መንግስቲ ቡርኪናፋሶ ብዘይካ'ዚ፡ ሃገሩ ምስ ፈረንሳ ንዘጀንሓ ወተሃደራውን ጸጥታውን ውዕላት ብምስራዙ፡ ሰራዊት ፈረንሳ ካብ መሬቱ ክወጽእ ምእዛዙ ኣይርሳዕን።

## እስራኤል - ንስርዓተ-ፍትሒ ናይ ምምሕያሽ ውጥን ተናዊሑ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ኔታንያሁ፡ ኣብ ስርዓተ-ፍትሒ ናይ'ታ ሃገር ክገብሮ ወጢኑዎ ዝነበረ ምትዕርራያት፡ ድሕሪ'ቲ ዘጋጠመ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ተሪር ህዝባዊ ተቓውሞ ከምዝደናጎዮ ኣፍሊጡ።

እቲ ናይ ምምሕያሽ ውጥን፡ ክሳብ ዝመጽእ መውዳእታ ወርሒ ሚያዝያ ከምዝይትግበር ዝሓበረ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ነቲ እናዛሪ ክመጽእ ዝጸንሐ ተቓውሞታት ንምትህድዳእ ክብል ውሳኔኡ ከምዝለወጠ ገሊጹ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ነቲ ውጥን ከምዝደናጎዮ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ትማሊ ሰሉስ ብማሕበራት ሰራሕተኛታት እስራኤል ክምራሕ ተሓሲቡ ዝነበረ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ከምእተቛረጸ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ስርዓተ-ፍትሒ ክግበር ተወጢኑ ዝነበረ ምምሕያሽ፡ ስልጣን ሓጋጊ ኣካል ምድሪራትን እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ትሃገጸ ዞባ ዘይሕጋዊ ሰፈራታት ምስፋሕን ዘጠቓለለ ምዃኑ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

እቲ ክካየድ ዝቖጸ ህዝባዊ ተቓውሞታት፡ ንዝተፈላለዩ ንጥፈታት ብኣሉታ ብምጽላው፡ ኣብ ልዕሊ ቁጠባ እስራኤል ከቢድ ክሳራ ከምዝስዓበ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይሕብሩ።



በንያሚን ኔታንያሁ፡ እቲ ወጢኑዎ ዝነበረ ምትዕርራያት ክቋረጽ ንዝጸውዐ ሚኒስተር ምክልኻል - ዮኣቭ ጋላንት ካብ ስልጣን ድሕሪ ምብራሩ፡ እቲ ህዝባዊ ተቓውሞ መልሱ ከምዝተጎሃሃረ እዩ ክግለጽ ቀንዩ።

## ኤኳዶር - ብምህማም መሬት ብዙሓት ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኤኳዶር፡ ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋ ምህማም መሬት ብውሕዱ 16 ሰባት ከምዝሞቱን ካልኦት 16 ሰብ ድማ ቆሲሎም ከምዝለዉን ተገሊጹ።

በቲ ሓደጋ ብዙሓት ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ብምህላው፡ ቁጽሪ ምውታት ክውሰኽ ስግኣት ከምዝሎ፡ ሰብመዚ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ብሰንኪ'ቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣስታት 160 መንበሪ-ኣባይቲ ከምዝፈረሱን ብውሕዱ 500 ኣባይቲ ድማ ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም ከምዘለዉን እቶም ሰብመዚ ወሲኾም ኣረዲኦም።

ድሕሪ'ቲ ሓደጋ ምኽሳቱ፡ ኣብ ሓያሎ ከተማታት ኤኳዶር ዝርከቡ ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ፡ ግዳያት ንምድሓን ናብቲ ከባቢ ተላኢኾም ከምዘለዉ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ ኤኳዶር ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ሓያል ዝናብ ዝስዕበሎ ሕማቕ ኩነታት ኣየር፡ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ጉልሬሞ ላሶ፡ ኣብ መጀመርያ ናይ'ዛ ወርሒ'ዚኣ ኣብ 14 ዞባታት ህጹጽ ናይ ሓደጋ ኣዋጅ ኣመሓላሊፉ ከምዝነበረ ይዝከር።

ኣብታ ሃገር፡ ብሰንኪ ዝናብ ጥራይ ኣብዚ ዓመት'ዚኣ ብውሕዱ 22 ሰባት ሞይቶም ከምዘለዉ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ብሰንኪ'ቲ ብደረጃ ዓለም ዝረኣ ዘሎ ምዝባዕ ኩነታት ኣየር፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዓለምና ብርቱዕ ህቦብላዊ ዝናብ ክኽሰት ከምዝኽእል፡ ብዙሓት ሊቃውንቲ ክእምቱ ምጽንሖም'ዩ ዝግለጽ።

ብሰንኪ'ዚ ተኸሲቱ ዘሎ ምዝባዕ ኩነታት ኣየር፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ቅድሚ ሎሚ ተራእዩም ዘይፈልጡ ካልኦት ከበድቲ ባህርያውያን ሓደጋትት'ውን የጋጥሙ ከምዘለዉ ይሕበር።

ድርቂ፡ ባርዕ መሮርን ህቦብላዊ ዝናብን ድማ፡ ገለ ካብ'ቶም ብተደጋጋሚ ዝረኣዩ ዘለዉ ባህርያውያን ሓደጋታት ምዃኖም ይግለጽ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 29/3/2023 | ጎደና እምበረሚ 755፡ ከቢ.ሚ/ሪሕሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565